# ሓዳስ ኤርትራ

ዓ.ር.ቢ.

መበል 23 ዓመት ቁ. 363 29 ነሓሰ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ




ገጽ 3
ባይታ ዝምስክሮ ሽግሕ



ገጽ 4
ብዝዩ ምልክታ ስራሕ ከቋርጹሉ ዝኽእል ሕጋዊ ባይታ ኣሎ ዶ?

ገጽ 5
ማርዮ ፑዞ



ገጽ 9
ሕርቃን መናብርትናዩ



ገጽ 11
ሳንቼዝ ፋልማይ ሸቶኡ ኣቑጺሩ




## ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ፡ ካብ 15 ክሳብ 17 መስከረም 7ይ ጉባኤኡ ከካይድ'ዩ



ስ/ምሕረታኣብ ገ/ሚካኤል

ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፡ "ፍትሒ. ፍናትና፡ ማዕርነት ምዕራፍና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ካብ 15 ክሳብ 17 መስከረም 7ይ ጉባኤኡ ኣብ ኣስመራ ከካይድ'ዩ።

ኣደ-መንበር ኣሰናዳኢት ጉባኤ ወይዘሮ ኣዜብ ብርሃነ ንኤሪና ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ዛጊት ተሳታፍነት ንምርግጋጽ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ምርጫ ወከልቲ፡ ክትዕ ኣብ ቅዋም ማሕበር ከምኡ'ውን ምጽፋፍ ሰነድ ጉዕዞ 10 ዓመት ማሕበርን ምኪያድ ሰምፖዝዩምን ካልእን ዘጠቓልል ምድላዋት ይካየድ ከምዘሎ ሓቢራ።

ወይዘሮ ኣዜብ ኣስዒባ፡ ዛጊት ተኻዪዱ ብዘሎ ምርጫታት፡ዞባታት፡ ናይ ወጻኢ. ጨናፍርን ኣብያተ-ትምህርትን ወከልተን ኣብ ጉባኤ መሪጸን ምህላወን፡ ብመሰረት'ቲ ማሕበር ንመንእሰያት ዝሀቦ ልዑል ቈላሕታ ድማ ንተመሃሮ ፍሉይ ኮታ ከምዝሓዛእ ተገሩ ምህላዉ. ጠቒሳ፡ ኣብ ደረጃ ምጽፋፍ ተበጺሑ ምህላዉ. ኣረዲኣ።

ጉባኤ፡ ሃማደኤ ኣብ ውሽጢ 10 ዓመታት ዘሰላሰሎ ዕማማት፡ ዝሓለፈ ጉዕዞ፡ ዘጋጠሞ ብድሆታትን ዘረጋገጸ ዓወታትን ንምግምጋም ዘኽእል ባይታ ከንጽፍ ትጽቢት ከምዝግበር ዘመልከተት ወይዘሮ ኣዜብ፡ ዋላ'ኳ እቲ ዕማም ናይ ሃማደኤ እንተኾነ፡ ተራን ኣበርክቶን መሻርኽቲ ኣብ ምዕዋት ምድላዋት ጉባኤ ልዑል ምህላዉ. ኣመልኪታ።

"ኤርትራ፡ ማዕርነታዊ ሱታፌን ተጠቃምነትን ዜጋታት ዘረጋገጸትን ማሕበራዊ ፍትሒ. ዘሰገሰን ሃገር ንኽትከውን ሃማደኤ ካብ ቀንድን መሰረታውን ዕላማታቱ ጌሩ ይሰርሓሉ'ሎ" ዝበለት ወይዘሮ ኣዜብ፡ ቴማ 7ይ ጉባኤ'ውን ነዚ. ረዚን መልእኽቲ ሓቝፉ ምህላዉ. ብምሕባር፡ ሃገሩት ብምልላይን ብልጫታት ብምጉላሕን መጻኢ. ክእምት ትጽቢት ከምዝግበር ኣገንዚባ።

ሃማደኤ "ነሰምዕ - ነድምዕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ 2003 6ይ ጉባኤኡ ምኪያዱ ሰነዳቱ የመልክቱ።

## ኣስማጥ፡ ወለንታውያን ሓካይም ተሃድሶ ዓዲ ዘካይዱዎ ዘለዉ. ንጥፈታት ዝያዳ ክደፍኣሉ ማዘኻኸሪ ቀረቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ዝነጥፉ ወለንታውያን ሓካይም ተሃድሶ ዓዲ፡ ጥዕና ህዝቢ. ንምሕላው ብሓፈሻ፣ ኣብ ክንክን ጥዕና ኣደን ህጻንን ድማ ብፍላይ ዝገብርዎ ዘለዉ. ኣበርክቶ ውጽኢታዊ ብምዃኑ ዝያዳ ክድፍኣሉ፡ ሓላፊ ማእከል ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ምሉእ በይን ኣዘኻኺሩ።

ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝርከባ ትካላት ጥዕና ኣብ'ዚ. ዓመት'ዚ. ንዘሰላሰልኦ ንጥፈታት ንምግምጋም ኣብ ሓውሲ. ከተማ ኣስነዳ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ኣቶ ምሉእ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ዝሓለፈ 6 ወርሒ. ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ዝተራእየ ፍሉይ ሕማማት ከምዘይነበረ፡ እቲ ካልእ ልሙድ ሕማማት ድማ በብዝመጾ ከምእተፈወሰ ሓቢሩ።

ብዘይውሑስ ንጥፈታት ባህላዊ ዕደና ዝኽሰት 'ሉው' ዝተባህለ ሕማም ኣብ ዝሓለፈ 3 ዓመታት ኣብቲ ንኡስ ዞባ ብብዝሒ. ከምእተራእየ፣ ንምፍዋሱ ድማ ብዙሕ ግዜን መድሃኒትን ከምዝወሰድ ብምሕባር ድማ፡ ህዝቢ. ንሓደገኛነት ያታዊ ዕደና ተገንዚቡ ጥንቃቐ ክገብር፡ በዚ. ሕማም ዝተጠቕዐ ከኣ ብቕልጡፍ ናብ ትካላት ጥዕና ከይዱ ክሕከም ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣቶ ዮውሃንስ ኣስፍሃ ድማ፡ እቲ ብትካላት ጥዕና ዝቐረበ ገምጋም ንጥፈታት ንዝያዳ ስራሕ ዝድርኽ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ሰብ ሞያ ጥዕና፣ ጥዕና ሕብረተ-ሰብ ንምሕላው ንዝገብርዎ ዘለዉ. ተወፋይነት ብምምስጋን፡ ንዘበረኽ ውጽኢት - ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ካብኡ ዝሕተት ምትሕብባር ክገብር ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ. ሃውሸ፡ ሸጋሊን ኤራን መደበራት ጥዕና ክህነጻ፣ ኣብ 8 ምምሕዳራት ከባቢ. ድማ ምስ'ቲ ዘለወን ራሕቅን ሸግር መጓዓዝያን ሓንቲ ኣንቡላንስ እኽልቲ ስለዘይኮነት ኣቓልቦ ክግበረሉ ተላብዮም።

## ነበርቲ ባረንቱ ብዘናብ ዝተባሕጉጎ መስመር ባረንቱ - ኣሾሺ ብወፈራ ይጽግኑ ኣለዉ.

ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ. ፍትሒን ሲሲማን - ንኡስ ዞባ ባረንቱ፡ ብዝናብ ተባሕጉጉ ንምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ኣጸጋሚ ኮይኑ ንዘሎ መስመር ባረንቱ - ኣሾሺ ከፊላዊ ምትዕርራይ ንምግባር ወፈራ የካይዱ ኣለዉ.።

ወፋሮ ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ዘካይድዎ ዘለዉ. ወፈራዊ ማእቶት ንረብሓኦም ምዃኑ ተገንዚቦም ጎኒ-ጎኒ ክረምታዊ ንጥፈታቶት ብትግሃት የሰላስልዎ ከምዘለዉ. ብምጥቃስ፣ ብዘካይድዎ ዘለዉ. ስራሕ ኣብ ንምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ከጸግም ዝጸንሐ መስመር ተዓርዩ ኣገልግሎት ክህብ ልዑል እምነት ከምዘለዎም ገሊጾም።

እቲ ወፈራ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣቐዲሞም ከሰላስልዎ ዝጸንሑ መደባት ልምዓት ምዃኑ ብምሕባር ድማ፣ ብክራማት ዝተበላሸወ መስመራት ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሳቶም ኣሉታዊ ጽልዋ ስለዘኸትል፡ ብወገኖም ዓቕሞም ዘፍቅዶ ጽገና ንምግባር ይሰርሑ ከምዘለዉ. ኣረዲኦም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ. ፍትሒ. ኣቶ በርሀ ባዕሉ ብግደኡ፡ ህዝቢ.'ቲ ምምሕዳር ከባቢ. ቀጻሊ. ወፈራ ማእቶት ብምግባር ዝተፈላለየ ስራሓት ከምዝዓመመ ብምግላጽ፡ እቲ ናይ ጽገና ስራሕ፡ ብሓያል ወኒ ይትግበር ከምዘሎ ኣነጺሩ።

# ነበርቲ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ምስ ኩባንያ 'ኣስቤኮ' ብምትሕብባር ሰፊሕ ወፈራ ጽሬት ኣካዪዶም

ጽሬት ከባቢ ብምርግጋጽ ጥዕና ሕብረተ-ሰብ ንምውሓስ ብዝብል ዕላማ፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ነበርቲ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ፡ ምስ ኩባንያ ኣስቤኮ ብምትሕብባር ሰፊሕ ወፈራ ጽሬት ኣካዪዶም።



ስ/ናዝሬት በይን

በቲ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኤክስፖ፡ ማይ-ዓይኒን ቀሓውታን ዝተኻየደ ብማሽነሪ ዝተደገፈ ወፈራ፡ ፈቓዶኡ ተደርብዩ ነቲ ከባቢታት ኣጋዕዚዩ ዝጸንሐ ጎሓፍ ተላዒሉ ናብ ናይ መንጎሓፊ ቦታ ተወሲዱ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ሓላፊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ በረኸት ተስፋጋብር ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝተኻየደ መደብ ጽሬት መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ዘካይዱዎ ወፈራታት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ምስ ኩባንያ ህንጻ 'ኣስቤኮ' ብምትሕብባር ንዝርኣዮ ሱታፌ ኣመስጊኑ።

ኣካያዲት ስራሕ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ወይዘሮ ሳራ ተስፋሚካኤልን ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ ኤክስፖ ወይዘሮ ወይኒ መስፍንን ብግደኦን፡ እቲ ወፈራ ዝተኻየደሉ ከባቢ ሰብ ብብዝሒ ዝመላለሰሉን ቈልዑ ዝጻወቱሉን ስለዝኾነ፡ ምጽራዩ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ዘለዎ ተራ ብቐሊል ከምዘይርአ ብምምልካት፡ ነፍሲ-ወከፍ ነባሪ ንቕሓቱ ኣብሪኹ ጓሓፍ ፈቓዶኡ ካብ ምድርባይ ክቝጠብ ኣዘኻኺረን።

ጽሬት ከባቢ ምሕላው ሓላፍነት ናይ ኩሉ ነባሪ ምዃኑ ዝጠቐሱ ኣቶ ገብርሂወት የማነን ወይዘሮ ሸምሹ ዑስማንን ድማ፡ ብዘይ ንጹህን ጥዑይን ኣከባቢ ጥዑይ ሕብረተ-ሰብ ክህሉ ስለዘይክእል፡ ነበርቲ ንዝኣከብዎ ጓሓፍ ኣብ ዝተዳለወ መአከቢ ኣጋንእ ክጕሕፉን ኣብ ምቍጽጻርን ምክትታልን ክተሓባበሩን ብምዝኽኻር፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝመልአ ኣጋንእ ብእዋኑ ከልዕል ተላብዮም።

## መዓልታዊት ጋዜጣ

<u>ኣሰናዳኢ</u>

ሳምሶን ሃይለ
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

<u>ም/ኣሰናዳኢ</u>

ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

<u>ምዝርጋሕ ጋዜጣ</u>

ቍ.ስ. 200454 - 07121322

<u>ምልክታ</u>

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

<u>ለይ-ኣውት</u>

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ

## ሓጺር መልእኽቲ ብዛዕባ ዓሶ

ሕማም ዓሶ ካብ ዓሶ ዝሓመመ ሰብ ናብ ጥዑይ ሰብ ብመንከሲቲ ኣናፈልስ ዝተባህለት ኣንስተይቲ ጣንጡ ኣቢሉ ዝመሓላለፍ ሕማም እዩ።

ቀንዲ ምልክታት ወይ ስምዒታት ሕማም ዓሶ ድማ፡
- ቁሪቑሪ የብል
- የንቀጥቅጠካ (ጉበኣ ይሕዝካ)
- ርእሲ የሕምም
- ሸውሃት ይዓጹ ማለት ናይ ምብላዕ ድሌት ኣይህልዎን
- ድሕሪ ብርቱዕ ረሃጽ የርሃጽ
- ይቐራጥመካ (መብዛሕትኡ ኣብ መላግቦታትን ጭዋዳታትን)
- ዝኾልዓየን ዝስተኻየን የምልሶካ . . .ወዘተ።

ስለዚ ዝኾነ ሰብ እዚም ኣብ ላዕሊ ዝዘርዘርኩ ምልክታት ወይ ስምዒታት ኣብ ነብሱ ይኹን ኣብ ስድራቤቱ ምስ ዝስዕብ ተቐላጢፉ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ መደበር ጥዕና ቀሪቡ ዘድሊ መርመራ ብምግባር ብግቡእ መድሃኒት ሕማም ዓሶ ወሲዱ ክፍወስ ይግባእ።

ሚኒስትሪ ጥዕና

# ባይታ ዝምስክሮ ግስጋስ

ሓይሎም በረቓ

ኣብ ብዙሓት ከባቢታት ኤርትራ ተኻሂዶም ዘለዉ ዓበይቲ ማእከሎትን ንኣሽቱን ዲጋታት፡ ራህያታትን መእለዪ ውሓይዝን ከምኡ'ውን ኣብ ምሩጽ ከባቢታት ዝተሰላሰለ መሬት ናይ ምስፋሕን ምምድማድን ዕዮታትን መስኖኣዊ ትሕተ-ቅርጺ ናይ ምውዳድ ዕማማትን ንስፋሕን ዘመናውን ንጥፈት ሕርሻ ባብ ኣርሒዮም ደርቢቦ። ህርኩት ህዝብና ከኣ፡ ነዚ ዕድል'ዚ ተጠቒሙ ብርሃጹ መፍብርዮኡ ከመሓይሽ ከም ንሕቢ ይወናጨፍ ኣሎ። ትካላት መንግስትን ግንባርን ብወገኖም መሬትና ለውጥን ምዕባለን ኮይኑ ዕላማ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ንምዕዋት ወሳኒ ተራ ይጻወታ ኣለዋ። ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርና፡ ብቐንዱ ድማ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝሰላሰል ዘሎ ንጥፈታት ድማ ኣካል ናይዚ'ዩ። ፕሮጀክት ገርሰት፡ ምሕዳስን ምምዕባልን ፕሮጀክት ዓሊ-ግደር፡ ሕርሻዊ ንጥፈታት ፋንኮን ካልእን ድማ ካብቲ ዝጥቀስ ዓበይቲ መደባት እቲ ወሐድ'ዩ።

ሕርሻዊ ልምዓት ዓሊ-ግደር፡ ታሪኹ ምስ መንግስቲ ጥልያን ዝተኣሳሰረ'ዩ። ዓሊግደር ኣብ 1906 ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ብናይ'ቲ እዋን መዐቀኒ፡ ዓበይቲ ንግዳዊ ንጥፈታት ሕርሻ ይካየደሉ ነይሩ። ኣብ 1966 ድማ ዘመናዊ ኣገባብ መስኖ ብምጥቃም፡ ኣብቲ ዝዓበየ ናይ እቶት ግዜኡ በጺሑ። ብኸምዚ ድማ ክሳብ 1975 ብቦራቶሎ ዝተባህለ ኢጣልያዊ ኩባንያ፡ ንግዳዊ ንጥፈታት ሕርሻ ተኻዪዱሉ።

ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1993 ትሕተ-ቅርጺ ናይ'ቲ ስርዓተ መስኖ ከም ብሓድሽ ተጸጊኑን ሓደስቲ መሳርሒታት ተኣታትዩሉን እቲ ዝለምዕ መሬት ንዝተጣየሱ ተጋደልቲ ተዓዲሉ ዝምስገን ውጽኢት ተረኺቡዎ። ኣብ 2007 ብዘወረደ ሓያል ውሕጅ ግና ዝጠዘሐ መጉዐቲ ካናለታት'ቲ ከባቢ ፈሪሱ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይኑ። ይኹን'ምበር፡ ኣገዳስነት'ቲ ፕሮጀክት ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ መንግስቲ ኣብ 2009 ዝጀመሩ ወጻኢታት ብምግባር ንኩሉ ትሕተ-ቅርጽታቱ ናይ ምጽጋን መደብ ኣበጊሱ። እዚ ተወሲኑ፡ ንዋሕዲ ዓመታት'ውን ጡጥ ከም ሓደ ዓብላሊ ንግዳዊ ሕርሻ'ዩ ዝሕረስ ኔሩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ዲጋ ስለዝተሰርሐት፡ ዓመት ምሉእ ሕርሻዊ ንጥፈታት ክካየድ ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣሕካል፡ ጥረታት፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ክለምዕ ክኢሉ'ሎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ ኣስታት ሓደ ሽሕ ሄክታር ለሚዑ ደርኩቡ።

መፍብርዮ ነበርቲ ዓሊግደርን ከባቢኣን መብዛሕትኡ ኣብ ማሕረስ፡ ንግድን መጓሰን ዝተመርኮሰ'ዩ። ስለዝኾነ፡ እዛ ዲጋ ብቐጥታ ምስ መፍብርዮኦም ዝተተሓሓዘት'ያ። ብቐንዱ ከኣ ካብ ምጽባይ ዝናብ ክራማት እተናግፎምን ዓመት ምሉእ ንልምዓት ከምዝዞሓስቡ እትገብሮምን'ያ።

መሬት ዓሊግደርን ከባቢኣን ከም ዝሰፍሐ ከባቢታት ጋሽ-ባርካ ካብ ከቢሳ ብዝመጽእ ስቡሕ መሬት ዝሓዘ ውሕጅ ዝሰቲ ብምዃኑ፡ ፍርያምነቱ ልዑል'ዩ። ንወፍሪ'ውን ኣዝዩ ሱሓቢ'ዩ። ነዚ ልሙዕ መሬት ንምልማዑ ሰብ ርእሱማል እቲ መደብ፡ ኑቲ ኣህላኽን ብዙሕ ጉልበት ዝሓትትን ዝነበረ ናይ ቀደም ስርዓተ መስተ - ብዝተኻእለ መጠን ብዘመናዊ ኣገባብ ንምቕያሩ ነበረ። ብኡ መሰረት፡ ካብ ካናለታት ተኣልዩ ዝመጽእ ማይ እተዕቅር ዲጋ፡ ካብ ዓሊግደር ኣስታት 2 ኪሎ-ሜተር ንሸነኽ ሰሜን ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ጎልጎል ኣብ 2011 ተኻሂዱ፡ እዛ ዲጋ እዚኣ፡ ኣስታት 8 ሚልዮን ሜተር ኩብ ማይ ክትሕዝ ዓቕሚ ኣለዋ።

ምስ ምውዳእ ናይ'ዛ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ዝተዛዘመት ዲጋ፡ ቀዳማይ ገጽ ናይ'ቲ ፕሮጀክት ድሮ ተዛዚሙ ይርከብ። ዝተኸዘነ ማይ ናብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ብጽቑጥዊ ስርዓት ምስታይ ንምውዓሉ ተባሂሉ ተወጢኑ ዘሎ መደብ ከኣ ይቕጽል ኣሎ።

ኣብ ኤርትራ ዓመት ምሉእ ዝፈስስ ፈለግ የለን። እተን ዘለዋ ሩባታት፡ ዋሕዘን ካብ ኣዋርሕ ዝሓልፍ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር፡ በተን ዝርከባ ሩባታት ዝውሕዝ ማይ ኣብ ግዜኡ ዓቒቡካ ክትጥቀመሉ ምስ እትኽእል ዓቢ ጸጋ'ዩ። ኣብ ልምዓት ወዲሉ ዝሓሸ ናይ ሕርሻ ዕድላት ክፈጥር ስለዝኽእል። እዚ ከባቢ ፈለግ መጽናዕቲ ክግበረሉ እንክሎ ንጡጥ ተባሂሉ'ዩ

ዝጎበአ ዘመናዊ ስርዓት ምስታይ ማይ እንተደኣ ተጠቒምና፡ ዓመት ምሉእ ብዘየቋርጽ ልምዓት መኸሰብና ክኻዕቡቱ ዘሎ ተኽእሎታት ገዚፍ'ዩ።

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ በበእዋኑ ዝተሰርሓ ብውሑዱ 126 ራህያታትን



ዓበይቲ ዲጋታትን፡ ኣብ ምስሳን መጋሆጫን ሃብቲ እንስሳን ልዑል ኣበርክቶ ይገብራ ኣለዋ። እዘን ብዝተጸንዐ መንገዲ ኣብ ከባቢ መጋሆጫ ዝተሰርሓ ራህያታትን ዲጋታትን፡ ኣብ ክራማት



እኹል ማይ ብምውህላል፡ ጥራት ካብ ከባቢኣን ከየርሓቓ ማይን መግብን ዝረኽባሉ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ ዝገብርኦ ዘለዋ ኣስተዋጽኦ ብቐሊል ዝጥመት ኣይኮነን። ኣብ ምስሳን ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት'ውን ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ይገብራ ኣለዋ።

ዲጋ ገርሰት ቅድሚ 10 ዓመት'ያ ብኩባንያ ህንጻ ሰገን ክትሰርሕ ጀሚራ። ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነበሩ ዓበይቲ ሰባት ከም ዝገልጽዎ፡ እታ ዲጋ ተሰሪሓትሉ ዘላ ቦታን ኣብ ትሕቲኣ ዝለምዕ ዘሎን ንልምዓት ዝተዓለወን መሬት ኣጻምእ'ዩ ነይሩ። ሰብን ጥሪትን ንኽኑብሮ ኣዝዩ ኣሸጋሪ'ዩ ነይሩ። መንግስትን ህዝብን ብዘዝበርዎ ገዚፍ ወፍሪ - ዲጋ ገርሰት፡ ዲጋ ፋንኮ ጽሙእን ዲጋ ፋንኮ ራዊን ድሕሪ ምህናጹ ግን ምስሊ'ቲ ከባቢ ተቐዪሩ'ሎ።

ምውናን ቴክኖሎጂን ንዕኡ ዝመልኽ ሞያን ክእለትን፡ ድልዱል ባይታ ንርእሱ ምርኮሳን ቀንጠባዊ ሓርነትን ብምዃኑ፡ መንግስቲ ኤርትራ ነዚ'ውን ኣይገላሰየን፡ ገዚፍ ወፍሪ'ዩ ዘካይደሉ ዘሎ። ከም መርኣያ ናቱ ከኣ በበእዋኑ ኣብ ኩለንትናዊ ልምዓታዊ መደባት ልዑል ተራ ዝጻወት ሓድሽ ማሽነሪ ናብ ሃገር ይኣቱ'ሎ። ኸኢ-ኸኢ'ቲ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ድማ፡ ጸብጻቕ ተመክሮ ይቕሰም ኣሎ።

ዝሀሰጽ ዘሎ ዲጋታት ኣብ ኣገልግሎት ህዝብን ሃገርን ዝውዕል'ዩ። ከም ኡ ብምዃኑ ከኣ፡ ቅድም ቀዳድም ኣብቲ ከባቢ ዝነብር ህዝቢ ናይ ስራሕ ልምድን ኣርኣያ ንኻልኣት ፕሮጀክትታት እውን'ዩ። ከም'ቲ ኣብ ምውዳዱ ዝተራእየ ዓወት እትዋቱ'ውን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዕቤትን ግስጋስን ዘመዝግብ ዘሎ ፕሮጀክት ሕርሻ ገርሰት፡ ንነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ሰፊሕ ናይ ስራሕ ዕድል ፈጢሩሎም ኣሎ። ኣብ'ቲ ናይ ምእካብ ምህርቲ እዋን ክሳብ ን3000 ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ ዕድል ናይ ስራሕ ባህልን ንኸምዕብል ምስራሕ ግድን'ዩ። ናይ ሓዋሩ ዋናኡ'ውን ንሱ ስለዝኾነ።

ገርሰት ኣቐዲሙ ካብ ዝበረ ጫካ ጎላጉል፡ ካዕቢት ምህርቲ ዝሕፈሰሉን ነበርቱ ርሒብ ናይ ስራሕ ዕድላት ዝረኽቡሉን ቦታ ኮይኑ ብምህላዉ ባህታ ከም ዝፈጠረሎም'የም ነበርቲ ዝገልጹ። ኣብ'ቲ ዝሰላሰል ዘሎ ስራሕ ከኣ ብዘይተገላቡት ይሳተፉ ኣለዉ።

ኤርትራ እትርከቦ መድረኽ - መድረኽ ምስጥጋር ናብ ዓይነታዊ ለውጢ'ዩ። ኣብ መዳይ ሕርሻ ምስ እንምልከት፡ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ዝጸንሐ ኣገባብ ማሕረስ መብዛሕትኡ ኣብ ዝናብ ዝምርኮስ ኮይኑ - ብያታዊ ኣገባብ'ዩ ክካየድ ጸኒሑ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን፡ መንግስቲ ውሕስነት መግቢ ኣብ ምርግጋጽን ምዕቡል መሳርሒታት ኣብ ምትእትታውን ዘመናዊ ትሕተ-ቅርጺ ኣብ ምውዳድን ኣተኲሩ ገዚፍ ወፍሪ ይገብር ብምህላዉ፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ግዜኡ ዘብቅዐ ይመስል።

ኣብ ጉዕዞ ዓቕምኻን ክእለትካን ዝምርኮስ ልምዓት ንምርግጋጽ፡ ሓያል ናይ ዓያይነት መንፈስን ናይ ስራሕ ዲስፕሊንን ከምዝድለ፡ እዚ'ውን ብሞያን ፍልጠትን እንተዘይተሰነዩ ኣኻሊ ስለዘይኮነ፡ ዜጋታት ብሕልፊ ከኣ መንእሰያት ዘመናዊ ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ክዮጥቁ ብዕቱብ ካብ ዝሰራሓሉ ዘሎ ስትራተጂያዊ መደባት'ዩ።

ብጠቕላላ ኣብ ትሕቲ ዲጋ ገርሰት ዝለምዕ መሬት ልዕሊ 10 ሽሕ ሄክታር ይግመት። ብሰለስተ ዓይነት መስኖ ከኣ ይለምዕ - ብድሪፕ፡ ፒቮት ሰንተርን ስፕሪንክልን። ዝጠዘሐ'ቲ መሬት ከኣ ቃንጫ ሸኮር ክለምዓሉ'ዩ እቲ መደብ። ብዝተገብረሉ ፈተነ ድማ ጸብጻቕ ወጽኢት ተረኺቡዎ ኣሎ።

ፕሮጀክት ሕርሻ ገርሰት ሓደ ካብቶም ዕውታት ሕርሻዊ ፕሮጀክትታት ኮይኑ ከምዝፈጥር ይፍለጥ። ኣብ ዓድታት ገርሰት፡ ኣኽላሳትን ፋንኮን ዝቕመጡ ዜጋታት ድማ መብዛሕትኦም ካብ ሰደት ተመሊሶም ብምዃናም፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ቀንዲ ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ኣብ ኣፍ-ደገኦም ዝርከብ ሕርሻዊ ንጥፈታት'የም ኮይናም ዘለዉ።

ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ናይ ሕርሻ ንውሕ ዝበለ ግዜ ወሲዱካ ዝሓሸን ዝበለጸን ናይ ማይ ኣጠቓቕማ ክትገብር መሰረታዊ ነገር'ዩ። ዝተዋህለለ ማይ - ምስ ሰፍሓት መሬትን ዓቕምታትካን ብምዝማድ ምጥቃም ከኣ ውሕልነት ይሓትት።

ዲጋ ባደሚት ኣብ ከባቢ ሓውሲ ከተማ ኦምሓጀር እትርከብ ኮይና፡ ኣብ 2010'ያ ብኩባንያ ብድሆ ሓፈሻዊ ህንጻት ክትሰርሕ ጀሚራ። ካብተን ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ዝተዛዘማ ዲጋታት ድማ'ያ። ነዚ ዘብቅዐ ድማ፡ ወህደት ዓቕሚ-ሰብን ማሽነሪን'ዩ።

እዛ ብስም ናይ'ቲ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ሩባ ባደሚት እተሰምየት ዲጋ፡ ከም ማሕከላይ፡ ኣይተርፍ፡ ገለ ክፋል ሩባ ገርገፍን ካልኦትን ማይ ኩዖታት ከኣ ኣለውዋ። ካብ ሩባታት ማዕለቢ ገርገፍን ካልኦትን እትምጉብ ኮይና፡ ኣስታት 32 ሚልዮን ሜተር ኩብ ማይ ናይ ምኽዛን ዓቕሚ ኣለዋ። ኣብ ፕሮጀክት ከታይ ከኣ ልዕሊ 20 ሽሕ ሄክታር ንምልማዕ መደብ ኣሎ።

እምንትካ ኣብ ርሃጽካን ዕዮኻን ምንባር፡ ውሽጣዊ ዓቕሚን ክእለትን ከተማዕብል ዘኽእል ቀንዲ ሚስጥር ስልጣነ'ዩ። ዛጊት ካብ ዝተዓሙ ስርሓት ተቐሲሙ ዘሎ ፍልጠት፡ ተደሊቡ ዘሎ ናይ ምግባር ዓቕሚ፡ ማዕቢሉ ዘሎ ማእቶታዊ ውዳበን ዝተኣታተወ ዘሎ ዘመናዊ መሳርሒታትን ድማ፡ ከም ሃገርን ህዝብን ኣብ ጉዕዞ ርእስናን ጸጋታትን ተኣማሚንናን ብትሰፉው መኣዝን እናመረሽና፡ ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ራእይና ክንጭብጦ ዘኽእል'ዩ። ዘጠራጥር ድማ የለን።

# ሕግን ሕብረተሰብን

ሳሙኤል ገብረብርሃን

## ብዘይ ምልክታ ስራሕ ከቋርጽሉ ዝኽእል ሕጋዊ ባይታ ኣሎ ዶ?

***ኣብ ሓደ ብሕታዊ ትካል እየ ዝሰርሕ። ኣብ ስርሐይ ብዝነበረኒ ቀጻሊ ዘይናይ ስራሕ ሃዋህው ዕቃቤታት ጸኒሐኒ እዩ። ኪኖ ዝበርኽዎ ዓቕሊ ክጸመም ስለዘይከኣልኩ ግን ብፍቓደይ ንኣሰራሕተይ ከይሓበርኩን ምልክታ ከይሃብኩዎን ብሓደ ዋዒ ስራሕ ኣቋሪጸ። ድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ትካሉ ናይ ዘገልገልክዎ ነዊሕ ዓመታት ዝግብኣኒ ክፍሊት እንተሓተትኩ፡ 'ብሓደ ዋኒኺ ስራሕ ዘቋረጽኪ ደኣ'ሞ፡ ዝኾነ ትሕውድኒ ገንዘብ የብልክን' ይብሉኒ ኣለዉ። ሕጂ ክሓቶ ደልየ ዘለኹ፡ ብዘይ ምልክታ ስራሕ ከቋርጽሉ ዝኽእል ሕጋዊ ባይታ የለን ድዩ? ግድን ድዩ ኸ ንኣሰራሕተይ ስራሕ ናይ ምቁራጽ ምልክታ ክህቦ ዘለኒ?***

***ሓፋትኹም (ስመይ ዓቒበለይ)***

ሓፍትና፡ ኣቕሪብክዮ ዘለኺ ሕቶ ብሓፈሻ ምስ ኣዋጅ ቁጽሪ 118/2001 ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ዝተኣሳሰር ኮይኑ፡ ብፍሉይ ድማ ሰራሕተኛ ብዘይ ምልክታ ስራሕ ዘቋርጸሉ ኩነታት ብዝምልከት እዩ። 'ብዘይ ምልክታ ስራሕ ከተቋርጽሉ ትኽእሊ ሕጋዊ ባይታ ኣሎ ወይ የለን' ቅድሚ ምባልና ግን ሓፈሻዊ ሓጺር መብርሂ ብዛዕባ ምቁራጽ ስራሕ ምጥቃስ ኣገዳሲ እዩ።

ብመሰረት ኣዋጅ ቁጽሪ 118/2001 ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ዓንቀጽ 22፡ ውዕል ስራሕ ዝቋረጽ፡ ብዘብዮ ኣሰራሒ ወይ ሰራሕተኛ ኮይኑ፡ ብመሰረት ኣብ ሕጊ ዝሰፈረ ድንጋጌታት፡ ብመሰረት ናይ ሓባር ስምምዕ ወይ ብስምምዕ ተወዓዓልቲ ወገናት እዩ። ውዕል ስራሕ ብዘብዮ ኣሰራሒ ወይ ሰራሕተኛ ኣብ ዝቋረጸሉ እዋን፡ ኣብ ውዕል ስራሕ ብጽሑፍ ሰፊሩ ምስ ዘይርከብ፡ ውዕል ስራሕ ንኽቋረጽ ዘበገሶ ወገን (ኣሰራሒ ወይ ሰራሕተኛ)፡ ውዕል ስራሕ ንምቁራጽ ምልክታ ዝሃበሉ ግዜ ከምዚ ዝስዕብ እዩ (ዓንቀጽ 30 ሕጊ ዕዮ ኤርትራ)

- ናይ 7 መዓልታት ምልክታ ካብ ሓደ ዓመት ንታሕቲ ንዝጸንሐ ውዕል ስራሕ
- ናይ 14 መዓልታት ምልክታ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ክልተ ዓመት ንዝጸንሐ ውዕል ስራሕ
- ናይ 21 መዓልታት ምልክታ ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ንዝጸንሐ ውዕል ስራሕ፤ ከምኡ'ውን
- ናይ ሰላሳ መዓልታት ምልክታ ንካብ ሓሙሽተ ዓመት ንላዕሊ ንዝጸንሐ ውዕል ስራሕ።




ስለዚ፡ ብኸምዚ ልዕል ኢልና ዝገለጽናዮ ውዕል ስራሕ ናይ ምቁራጽ ምልክታ ክትህቢ ሕጊ ዘጉብረልኪ ግዴታ እዩ። እዚ ኮይኑ ግን ኣብ ገለ ኩነታት ብዘይ ምልክታ ስራሕ ከተቋርጽሉ እትኽእሊ ሕጋዊ ባይታ ግን ኣሎኪ። ምናልባት፡ ኩነታት ስራሕኪ ብንጹር ስለዘይገለጽክልና፡ ኣብ ጉዳይኪ ብዘይ ምልክታ ስራሕ ከተቋርጺ 'ትኽእሊ ወይ ኣይትኽእሊ ኢኺ' ንምባል ዘጸግም እኳ እንተኾነ፡ ኣሰራሒኺ ብጠበናዊ ሕጊ ዘቐጽዕ ተግባር ኣብ ልዕሌኺ ዝፈጸመ እንተደኣኮይኑ፡ ወይ በቲ ስራሕ ክኸውነኪ ዘይኣመትኮ ንጻኺ ይኹን ንጽግዕተኛታትኪ ከስዕብ ንዝኽእል ዓይነት ሓደጋ ወይ ሕማም እንተደኣተቓሊዕኪ ወይ ደሞዝ ትኽፈልዮ መዓልቲ ካብ ሰሙን ንላዕሊ ምስ ዝሓልፍ ወይ ብሓፈሻ ኣሰራሒኺ ግዴታታቱ ምስ ዘይፍጽም ግን ብዘይ ምልክታ ውዕል ስራሕኪ ከተቋርጺ ሕጋዊ ባይታ ኣለኪ። እስትሕጋግን ካልእ ዝምልከተኪ ክፍሊትን ክትሓቲ ድማ መሰል ኣለኪ።

## ዕርቡን ክምለሰለይ ክሓትት ሕጋዊ ደገፍ ኣሎኒ ዶ?

***ንሓደ ክኢላ ስራሕ-ማዕጾ ማዕጾ ክሰርሓለይ ብዝፈጸምናዮ ውዕል ማሰረት ኣቐዲመ ዕርቡን ናቕፋ 5,000.00 ሂበዮ። ኮይኑ ግን ብዝኾነ ምኽንያት ክሰልጠኒ ስለ ዘይከኣለ፡ ዝፈጸምክዎ ውዕል ከም ዝሰረዝክዎ ድሕሪ ምሕባር፡ ዕርቡን ክመልሰለይ ሓቶ ኣቕሪበሉ፡ ክመልሰለይ ግን ፍቓደኛ ኣይኮነን። ሕጂ ክሓቶ ደለየ ዘለኹ፡ ዕርቡን ክምለሰለይ ክሓትት ሕጋዊ ደገፍ ኣሎኒ ዶ? ብዝምልከት ሕጋዊ ምኽሪ እሓትት።***

***ኣማኑኤል (ብቴለፎን ዝቐረበ ሕቶ)***

ዝሸበርካ ሓታቲ፡ ኣቕሪብካዮ ዘለኻ ሕቶ ብቐጥታ ምስ ምምላስን ዘይምምላስን ዕርቡን ዝተኣሳሰር ምኳኑ ንጹር እዩ። 'ብሕጊ ዝሃብካዮ ዕርቡን ክምለሰልካ ይኽእል'ዩ ወይ ኣይክእልን'ዩ' ቅድሚ ምባልና፡ ሓፈሻዊ ንዕርቡን ዝምልከት ሓጺር መብርሂ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ።

መሲጋገሪ ሕጊ ውዕል ኤርትራ፡ ሕሸኳ ብንጹር ትርጉም ዕርቡን (Earnest) ዘይገልጽ እንተኾኑ፡ ንዕርቡን ዝምልከት መምርሒታታ ግን ኣቐሚጡ ኣሎ። ብመሰረት መሲጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ፡ ዕርቡን ምሃብ ከም መርትዖ ወይ መረጋገጺ ናይ ዝተፈጸመ ውዕል ምኳኑ'ዩ ተጠቒሱ ዝርከብ። ብወገንና፡ ኣብዚ ነጥቢ'ዚ ዘሎና ርእይቶ፡ እዚ መምርሒ'ዚ ብኽልተ ምኽንያታት ንምቕባሉ ክብድ ዝብል ይመስለና። ቀዳማይ፡ ናይ ጽሑፍ ሰነድ ብምቕራብ ክረጋገጹ ምስ ዘለዎም ውዕላት ዝተኣሳሰር እዩ። ኣብ ከምዚኦም ኩነታት፡ ምሃብ ዕርቡን ከም ውሳኒ መረጋገጺ ወይ መርትዖ ንህላወ ውዕል ምቕባሉ ከቢድ እዩ። ካልኣይ፡ ሸሕ'ኳ፡ 'ዕርቡን ምሃብ ህላወ ውዕል ዘረጋግጽ'ዩ' ኢልና እተተኻራኸርና፡ ባህሪ እቲ ውዕልን ተወዓዓልቲ ወገናት ዘለዎም ግዴታታትን ስለ ዘየረጋግጽ ግን፡ ዕርቡን ምሃብ ውሳኒ'ዩ ክበሃል ኣይክእል እዩ።




እዚ ኸኣ ኮይኑ እቲ መሲጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ እንተደኣ ተመልኪትና ግን፡ ካልእ ስምምዕ ክሳብ ዘየለ፡ ዕርቡን ዝሃበ ወገን፡ ዝሃቦ ዕርቡን ስኢኑ ወይ ተቐጺዑ፡ ኑቲ ዝፈጸሞ ውዕል ክሰርዞ ሕጊ ውዕል ኤርትራ መሰል ይህቦ እዩ። ከምኡ'ውን፡ ካልእ ስምምዕ ክሳብ ዘየለ፡ ዕርቡን ዝተቐበለ ወገን፡ ዕጽፊ ከም ዕርቡን ናይ ዝተቐበሎ ገንዘብ ንመወዓዕልቱ ብምኽፋል፡ ንዝፈጸሞ ውዕል ክሰርዞ ብተመሳሳሊ መሰል ኣለዎ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ኣገዳሲ ነጥቢ፡ ኣብ ዝተፈጸመ ውዕል ዕርቡን እንተደኣ ዘየለ ኮይኑ፡ ተወዓዓሊ ወገን ውዕል ክሰርዝ ዝኽእል፡ ትግባረ ምስ ዘይፍጸም ወይ ከኣ በቲ ውዕል ወይ ብሕጊ መሰረት ጥራይ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ብመሰረት ሕጊ ውዕል፡ ኣብ ውዕሉ ዝጸነዐ ወገን፡ ብድኻ ምስራዝ ውዕል፡ ካሕሳ ክሓትት ይፍቀደሉ እዩ። በንጻር ናይ'ዚ፡ ኣብ ዝተፈጸመ ውዕል ዕርቡን እንተደኣ ሃልዩ ግና፡ ምምላስ ወይ ምስኣን እቲ ዕርቡን ጥራይ'ዩ ከም መኣረሚ (remedy) ዝጥቀስ።


ናብቲ ዝቐረበ ሕቶ ምስ እንምለስ፡ ሓታቲ፡ ሕጋዊ ውዕል ፈጺምካ ዕርቡን'ውን ከፊልካ ከተብቅዕ ኢኻ ውዕል ክትሰርዞ ደሊኻ። ኣቐዲምና ከም ዝገለጽናዮ ኸኣ፡ ብመሰረት መሲጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ዓንቀጽ 1885(1)፡ ሕሸኳ ውዕል ክትሰርዞ ትኽእል እንተኾንካ፡ ካልእ ዝተሰማማዕክምዎ ክሳብ ዘየለ፡ ዝሃብካዮ ዕርቡን ክምለሰልካ ክትሓትት ግን ሕጋዊ ባይታ የብልካን።

# መን ክብሉ ?

ጉብሩ ክብረኣብ

# ማርዮ ፑዞ

**ምሉእ ስሙ፡ ማርዮ ጂያንሉጂ ፑዞ**
**ዝተወልደሉ ዓመት፡ 1920**
**ዓዱ፡ ኣመሪካ (ኢጣልያዊ-ኣመሪካዊ)**
**ሞያ፡ ደራሲን ጸሓፊ-ፊልምን**



ማርዮ ፑዞ ኢጣልያዊ ኣመሪካዊ ደራሲን ጸሓፊ-ፊልም ኮይኑ ቀንዲ ንማፍያ ኣመልኪቱ ብዝጸሓፎም ኖቨላት ይልለ። ካብኣተን ድማ ኣብ ሰለስተ ክፋል ብዳይረክተር ፍራንሲስ ፎርድ ኮፖላ ተኣልዩ፡ ብመልክዕ ፊልም እውን ብዝቐረበት "the Godfather"'ዩ ገሊሑ።

ማርዮ ፑዞ ሄልስ ኪችን ኣብ ዝበሃል ሰፍራ፡ ኣብ ኣመሪካ ተወሊዱ። ሄልስ ኪችን ኣብ ከተማ-ኒውዮርክ ዝርከብ ሓደ ከባቢ'ዩ። ወለዱ ተወላዶ ኢጣልያ'የም። ዮቡ ኣሸሊኖ ዝማበቖሎም ድማ'የም። ሙብዘሕትኡ ጽሑፋት ፑዞ እውን ካብ ማብቆሉ ዝተበገሰ'ዩ። ፑዞ ገና ኣብ ፈለማ ዕድመ ኩትትናኡ፡ ኣቦኡ ንታ ስድራ ጠንጢኑ። በቲ እዋን ዝጠዘለ ግዜኡ ክዘውን ዘሕልፎ ዝበረ ፑዞ ምስ ህዝባዊ ቤተመጽሓፍቲ ሌላ ገበረ። ኣብቲ ቤተመጽሓፍቲ ዝረኸቦ መጽሓፍቲ ዳርጋ ንኹሉ ዓለማዊ ስነ-ጽሑፍ ዝጥርንፍ ነበረ። ኣደኡ፡ ሸሕ'ኳ መኪዐ ተማሂሩን ሰራሕተኛ መንገዲ ባቡር ክኸውን ትደሊ እንተነበረት፡ ንሱ ግን ኣብ ጽሑፍ ክዘንበል ግዜ ኣይወሰደን።

ኣብ ኣካዳሚ ድሓን ዝኸውን ግዳሴ ዝበሮ ፑዞ ንመጀመርታ ካልኣይን ደረጃታት ትምህርቱ ብጽቡቕ ምስ ሰገሮ፡ 'ኒውዮርክ - ሲቲ ኮለጅ' ናብ ዝበሃል ኮለጅ ተጸንቢሩ። ካብ'ቲ ኮለጅ ምስተመረቐ ድማ እቲ ዓቢ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣርከበ።

ኣብ ሓይሊ-ኣየር ኣመሪካ ተሰሊፉ ኸኣ ኣብቲ ኩናት ክሳተፍ ወፈረ። ኮይኑ ግን ቅድሚ ኩናት ብዘተገበረሉ ሕክምናዊ መርመራ ድኻም ዓይኒ ኣጋጊሙ። በዚ ኸኣ ክንዲ ናብ ዓውደ-ኩናት፡ ኣብ ህዝባዊ ርክባት ከምዝተጠፍ ተገብረ። ፈላሚት ሓጻር-ዛንታኡ "the Last Christmas"፡ ኣብ 1950፡ ኣመሪካን-ቫንጋርድ ኣብ ዝበሃል መጽሔት ተሓቲማ። በቲ ግዜ'ቲ ፑዞ ምስ ኤሪካ ሊና ብሮስክ ተሓጺዩ። ኣብ 1946 እውን ተመርዓወ። ሰለስተ ኣውዳትን ክልተ ኣዋልድን ድማ ፈረዩ።

ፑዞ እቲ ዓቢ ኩናት ምስ ኣብቀዐ ዝጸሓፋ ፋልመይቲ ኖቨሉ "the Dark Arena" ድማ ኣብ 1955 ተሓቲማ።


ኣብ ሓምሳታትን መጀመርታ ስሳታትን ፑዞ ማርቲን-ጉድማን ናይ ዝተባህለ መጽሔት፡ ጸሓፊ፡ ጸሓፊ ድማ ኣሰናዳኢ ኮይኑ ዓዪዩ። ንዓኡ ምስ ዝመስሉ ናይቲ እዋን'ቲ ጸሓፍቲ ከም እኒ፡ ብሩስ ጆይ ፍሪድማን ኮይኑ ንደቂተባዕትዮ ጥራይ ኣብ ዝዓለመ መጽሔታት ብዝበዝሐ ዓይዩ። ከምዚ ዝዓይኑ ዓንቀጻት እንክዓሉ ዝጥቀመሉ ዝበረ ስም-ብርዒ ኸኣ ማርዮ-ክለሪ ነበረ። ኣብቲ እዋን እቲ ንካልኣይ ኩናት ዓለም ዝጠቕሰ ሓቐኛ ዛንታታት'ውን ጽሒፉ። ማርዮ ፑዞ ኣብ 1969፡ ንመጽሓፍ "the God father" ክጽሕፍ ዝደረኾ ሓደ ካብ ኣሕተምቲ መጽሓፍቲ'ዩ። ንሱ፡ ቀዲሙ፡ "the fortunate pilgrim" ንዝተባህለ መጽሓፍ ፑዞ ዘሕተመ ነበረ። ነቲ ፋልማይ ጽሑፍ ምስ ረኣየ 'ብዙሕ ማፍያዊ ንጥፈታትን ሕልኽላኻትን እንተዝወሰኻ መጸበቕኣን መጻውቲኣን ምኾነ' ዝብል ሓሳብ ሃበ። ፑዞ ንዝተዋህቦ ርኢይቶታት ሰሚዑ ኣተግበሮ። እታ መጽሓፍ ተዳለወት። ነቲ ኣሕታሚ እውን ቀረበትሉ። እቲ ኣሕታሚ ግን ንታ ባዕሉ ንኽትጽሓፍ ዘበራታዓ መጽሓፍ፡ 'ልበይ ኣይመልኣትለይን' ብምባል ክሕትማ ኣይክኣለን። ፑዞ ግን በዚ ተሰፋ ኣይቆረጸን። ሓደ ድሕሪ ሓደ እናፈተነ ናብ ብዙሓት ኣሕተምቲ ኩለለ። ዝተቐበሎ ኣሕታሚ ክረኽብ ስለዘይክኣለ ምስ ኤዲተራት 'ፑትናም' ተመያየጠ። እቶም ኤዲተራት ነቲ ጽሑፍ ቅድሚ ምርኣይ ንዛዕባ ካልኦት ስራሓቱን ኩነታት መጽሓፉን ኣዘራረብዎ። ንሱ ድማ ሓደት ዛንታታት ኣዕለሎም። ብዛዕባ'ታ ንንጥፈታት ማፍያ ማእከል ገይራ ዝተጻሕፈት 'the God Father' እውን ሰው ኣበለሎም። ነቲ ዛንታታት ፈተውዎ። በዚ ጥራይ ከኣ ምስኡ ውዕል ኣተወ። ብኸምዚ ኹነታት ዝሓለፈት ጽሕፍቲ መወዳእታኡ "the God father" ብዝብል ኣርእስቲ ንሕትመት በቕዐት። ብኡንብኡ ኸኣ ኣንበብቲ ሰሓበት። ፑዞ ኣብተን ቀዳሞት ክልተ መጽሓፍቱ ዝኾነ ይኹን ፋይናንሳዊ እቶት ኣይረኸበን። "the Godfather" ግን ነቲ ብደሞዝ መንግስቲ ዘናብሮ ዝበረ ስድራኡ፡ ዝተዓጸጸፈ እትዋት ብምፍጣር ዓቢ-ለውጢ ኩነት። ንሱ፡ ቀዲሙ ዝሓልሞ ዝበረ እውን፡ ንልቢ ኣንበብቲ ዝትንክፍን ዘለዓዕልን ጽሑፍ ምቕራብ ነበረ። ነዚ ክገብር ኸኣ ብዙሕ ጸዓረ። ንማፍያ ዝምልከት ትሕዝቶ ዘለዎ ኩዓልው ዝወሰኸሉ ምኽንያት ድማ፡ ተንኻፊ ክኸውን ከምዝኽእል ስለዝተገንዘበ ነበረ።

'The Godfather' ንዝና ማርዮ ፑዞ ሰማይ ሰቐለቶ። ብሉጽ ሽያጥ ኸኣ ኣመዝገበት። ነቲ ኣብ ካልእ ነኣሽቱን ዓበይቲን መጽሔታት ዝተሓትመ ገዲፍካ፡ ኣብ "ኒውዮርክ ታይምስ" ክብሪ ዝበለጸ ሽያጥ ሒዙ። ነቲ ኽብሪ'ቲ እውን ንኣዋርሕ ኣየድፈረቶን። ኮይኑ ኸኣ ኣብ ስነ-ጽሑፍ ግሉሕ ዓወት ነበረት። ኣገዳስነታ ዓዚዙ ብዝተራእየ ድማ ብመልክዕ ፊልም ቀረበት። ብዳይረክተር ፊልም ፎርድ ኮፖላ ተሰሪሓ ፊልም ምስኮነት እውን እቲ ዓወት ደመቐ። እታ ፊልም፡ ካብ'ቲ ዓሰርተ-ሓደ ሽልማታት ኣካዳሚ፡ ኣብቲ ሰለስተ ተሓጸየት። ቀዳመይቲ ክፋል'ዛ ፊልም ዕውትቲ ምስ ኮነት፡ ፑዞን ኮፖላን ኑተን ድሒረን ዝተሰርሓ ክልተ ክፋላት ሓቢሮም ከምዝጸዓሩለን ይንገር። ድሕሪ ስራሕ "the God father" ፑዞ 'earthquake' ናይ እትብል ፊልም ጽሑፍ-ፊልም ንምድላው መደብ ነበሮ። ነቲ ኣብ 1974 ዘጋጠመ ኣዕናዊ ሓደጋ ማእከል ዝገበረት ድማ'ያ ዝነበረት። እንተኾነ ካልኣይ ክፋል 'the Godfather" ናብ ምጽሓፍ ስለዝተደፍአ፡ ቀዲሙ ንዘጀመሮ ጽሑፍ-ፊልም 'ኤርዝኩክ' ኣይቀጸሎን። ፑዞ ጸሓፊ 'ሱፐርማን' ድማ'ዩ። ኣብ 1982 ኣብ ዝተጻሕፈት ፊልም 'ኤ ታይም ቱ ዳይ'፡ ተራ ነበሮ። ፎርድ ኮፖላ፡ 1984 'ዘ ኮቶን ክለብ' ክሰርሕ ከሎ እውን ዛንታኣ ኣብ ምምዕባልሲ ደገፍ ፑዞ ነይሩዎ'ዩ።

ማርዮ ፑዞ ብዙሕ ግዜ ሂቡ ዘሰፈሮ 'ኦመርታ'፡ ዝብል ዛንታዊ ጽሑፍ ኣዳልዩ ነይሩ'ዩ። እንተኾነ ብመልክዕ መጽሓፍ ኮይኑ ክቐርብሲ ግዜ ሓቲቱ። ወላ'ኳ ቅድሚ ሞቱ ዘይተጻፈፈ ክፋል'ቲ መጽሓፍ ኣቕረቡ እንተኾኑ፡ ሕትመት'ቲ መጽሓፍ ክረኢ ግን ኣይተዓደለን። ድሕሪ ሕትመት ኦመርታ፡ ንታ መጽሓፍ ኣመልኪቱ ኣብ ዝቐረበ ገምጋማት፡ ዘጠዘሐስ ኣሉታዊ ዝንባለ ነበሮ። ጁልስ ሴገል 'ሳን ፍራንሲስኮ



ክሮኒክል' ኣብ ዝበሃል ሓደ መጽሔት ኣብ ዝጸሓፎ ገምጋም ንኣብነት፡ ተወህቦ ፑዞ ዘይተንጸባረቐሉ ጽሑፍ ምንባሩ ጠቒሱ። ንሱ፡ ንዓመታት መሳርሕቲ ፑዞ ኮይኑ ዝጸና'ዩ። ተብተብ ዝተራእየን ስነ-ጽሑፋዊ ወህበት ዝጐደሎ ምንባሩ ኸኣ'ዩ ኣነጺሩ። ዝንባለታት ማርዮ ፑዞ ብዙሕ'ኳ እንተኾነ ቀንዲ ዓቢ ሩስያዊ ጸሓፊ ፍዮደር ደስቶቭስኪ'ዩ። ናይዚ ነጸብራቕ ክኸውን ዝኽእል እውን፡ 'ዘ ብራዘርስ ካራማዞቭ' ካብ እትብል ኖቨል ደስቶቭስኪ ዝተወሰደ ጥቕሲታት፡ ኣብ መጽሓፍቲ ፑዞ ይርከቡ። 'ዘ ዳርክ ኣረና'፡ 'ፉልስ ዳይ'፡ 'ዘ ፎርዝ ኬ'ን 'ዘ ፋሚሊ'ን ካብተን ጥቕሲታት ደስቶቭስኪ ዝነበረን'የን። ማርዮ ፑዞ ብሓፈሻኡ ልዕሊ ዓሰርተ ኖቬላት፡ ብርክት ዝበለ ሓጸርቲ ዛንታታት፡ ጽሑፋት ፊልምን ሰለስተ ዘይልበ-ወለዳዊ ጽሑፋትን ኣበርኪቱ። ብሕማም ልቢ ከኣ ብ 2 ሓምለ 1999 ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ካብዛ ዓለም ብሞት ሓሊፉ።



# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ሓጎስ ዑቕባስላሴ ተኸለማርያም ብወኪሉ ፍጹም ዑቕባስላሴ ተኸለማርያም ኣቢሉ፥ ሓጎስ ዑቕባስላሴ ተኸለማርያም ምባል ተሪፉ፥ ዮውሃንስ ዑቕባስላሴ ተኸለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ 23/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ.35 ይቕረብ።

ሚኪኤል ታደሰ ሳሲኖስ፥ ስም ዓባየይ ርግበ ሰለሙን በርሀ ምባል ተሪፉ፥ ርግበ ሰለሙን ተወልደመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ 13/10/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 7ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ ሰናይት ዘርእሰናይ ገብረእየሱስ፥ በዓል ቤተይ ዶክተር ተስፋጽየን ነጋሽ ደስታ ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን22/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ውነሽ ገብረማርያም ገብሩ በዓል ቤተይ መምህር ብርሃነ ቀለታ ተኪኤ ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን22/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምም/ከባቢ ከረን 03

ወ/ሮ ጽጋይ ገብረክርስቶስ ኣልገደ፥ ወላዲተይ ወ/ሮ ለተሱስ ሓምደ መስመሪ ስለዝሞተት፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ

ኣነ ጸጋይ ገብረክርስቶስ ዝተብሃልኩ ብስም ወላዲተይ ነፍስሄር ወ/ሮ ለተየሱስ ሓምድ ዝተመዝገበ ኣብ ከረን ላዕላይ ዞባ 1 ምም/01 ዝርከብ ገዛ ናይ ዋንነት ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ ዝረኸበ እንተሎ፥ ብቑጽሪ ሞባይል 07138856 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክሕብረኒ ይሓትት። እንተዘይኮይኑ መተካእታ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኳነይ የፍልጥ።

ጸጋይ ገብረክርስቶስ




## ምልክታታት

ብስም ሰላማዊት ተኽለ ሃይለ፥ ዝተመዝገበ ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00024347 ዝኾነ፥ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣባሻውል ጎደና ፈኒክ - 119 ቁ/ገዛ 21 ዝርከብ ናይ ሬድሜድ ትካለይ ንኣቶ መሓሪ ርእሶም ተኽለሰንበት ካብ 1/1/2014 ክሳብ 31/12/2015 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፥ ዝቃወም ምስዝህሉ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንቤ/ፍ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ሰላማዊት ተኽለ ሃይለ

ብስም ምብራቕ ገብረየሱስ ዑቕባስላሰ፥ ዝተመዝገበ ቁ/ፍ/ዋኒን ASL00026784 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ተጋደልቲ ቁ/ገዛ 224 ዝርከብ ናይ ጋራጅ መሸጢ ጎማን መቀያየሪ ኣቕሑትን ንኣቶ የማነ ኣስጎዶም ተስፋጋብር ካብ ዕለት 1/8/2014 ክሳብ 31/7/2022 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፥ ዝቃወም ምስዝህሉ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንቤ/ፍ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ምብራቕ ገብረየሱስ ዑቕባስላሰ




# ፕርሲዳ መውዓሊ ህጻናት

ፕርሲዳ መውዓሊ - ህጻናት
ሕጂ'ውን ከም ቀደማ- ምዝገባ ጀሚራ
ጆባእ ትብለኩም - ኣፋፌታ ኣርሒኣ።

ሰለል ሽተት - ጉያ ጎማ በብዓይነቱ፥
ንቈልዑ ዘዛንዩ - መደባት ኩሉ
ተቀሪብልኩም ኣሎ - ምጹ ተዓዘቡ።

ቈልዑ ልቦና ገይሮም - ኣካላቶም ዝሃንጹላ
ሕዉሳት ኮይኖም - የዕሩኽ ዘጥርዩላ
ተጓየዩ ኣላቶም - ፕርሲዳ።

ንጥፈታት - ትምህርቲ
ቕብኣ - ስእሊ
ሙዚቃ ድራማ - ብብሎክ ጸወታ
እዝን ካልእን - ኣለኩም ኩሉ
ተዳልዩ እዩ - በቲ ዝጥዕም ንቈልዑ።

ወድኹም ክዓቢ - ከምቲ ትደልይዎ
ጓልኩም'ውን ክትዓቢ - ከምቲ ትደልይዋ
ኣለዉና መኸርቲ - ሰብ ሞያ ጥዕና።

እዚ ጥራሕ ኣይኮነን - እቲ ብልጫና
ኣለዉ - ሙኩራት መምሃራና
ድሉዋት - ክምህሩ
ዘለዎም ፍልጠት - ከካፍሉ።

ርሑቕ እዩ ገዛ ኢልኩም - ሰጋእ ኣይትበሉ
ኣላትኩም ሰርቪስ - ተብጽሕ ናብ ኩሉ።

ኣድራሻና ገጀረት - ድሕሪ ሲነማ ኣፍሪቃ
እልይ ዝበለ'ዩ - ካብ ሓደጋ መኪና።
ብድሓን ምጹ !

ቴሌፎን 187431 / 07192641 / 07406928



## መዕሸጣ ብሸክለታ ተኻሌ ደሊብ ዓቢ ምጉዳሌ ዋጋ

ስርሓት ዓዲ ጥልያን ዝኾና ብሸክለታታት ብምኽንያት በዓል ቅዱስ ዮውሃንስ ብኣጋጣሚ ትካልና ካብ 1 መስከረም - 20 መስከረም ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ጌሩ ስለዘሎ፥ ብጽሑና ይብል።

ኣድራሻና፦ ከባቢ ማይ ኣባሻውል ጥቓ እንዳ ሚኒባስ ጎደና ዓ'ሾሩም ቑጽሪ ገዛ 17 ቁጽሪ ተሌፎን 07143009 ክትውከሱና ብኽብሪ ንዕድም።



ጽላል ወርሒ

ሓ ድ ስ መ ጽ ሓ ፍ

- ፍቕራውን ማሕበራውን ዛንታታት
- ፍሉይ ቅዲ ኣዘናትዋ

9 ሒጸርቲ ዛንታታት

ጽ ላ ል ወ ር ሒ

Mob.07492060





## Notice

Notice is hereby given that shareholders of Greto Private Limited Co. have conducted their extra ordinary meeting on 30/07/2014 and resolved as follows:

1. Mr. Abel Zeregabir Gebrehiwet has increased his current shares from 80 to 580 at par value 5,000.00 (five thousand Nakfa) and Alexander Zeregabir Gebrehiwet has increased his current shares from 20 to 150 shares at par value 5,000.00 (five thousand Nakfa).
2. The company has added business activity of Metal and Wood Work Shop.

Greto Private Limited Co.

# ምስጋና



ብመስዋእቲ ኣዚና እነፍቅራ ጓልናን ሓፍትናን መጀር ሂወት ቀለተ በራኺ፡ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት (ኣስመራ) ዘቐበርኩምና ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሞት ኣዚና እነፍቅራ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ታቲዮስ ዘሙይ መንግስቱ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ዓዲ ንፋስ (መረታ ቀይሕ) ብምኻድ ዘቐበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ስድራቤት ነ/ሄር ነጋሲ ገብረገርጊስ



ብሞት ኣዚና እንፈትዋን እነፍቅራ ሓፍትናን ጓልናን ኣስመረት ሃይለ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ብምምልላስን፡ ካብ ዓዲ ጥልያን ከተማ ቶሪኖ ዝተሓባበርኩምና የሕዋት ሬሳ ንምስዳድ፡ ቤተሰብን ፈተውትን ኣብ ግዜ ዕረፍታ ኣብ ዓድና ዓዲ ኮሎም ዘቐበርኩምናን ብቴሌፎን ይኹን ብኣካል እናተመላለስኩም ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ኣቡኣን ኣደኣን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብሞት ኣዚና እነፍቅራ ክብርቲ ወላዲትና መም/ኣልጋነሽ ገብረሂወት ገብረዮውሃንስ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማን ዝበጻሕኩምናን ከምኡ'ውን ክሳብ ጻዕዳ ክርስትያን ኬድኩም ዘቐበርኩምና ካብ ውሽጥን ካብ ወጻእን ብምድዋልን ብኣካል ብምምጻእን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብዕረፍቲ እነፍቅሮ ክቡር ኣቦና ኣቶ ተኸስተ ዘርኣይ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩምና ከምኡ'ውን ድሕሪ ዕረፍቲ ዘቐበርኩምና ቴሌፎን ኢ-መይልን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ምስጋናና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራቤት



ብሞት ዘፍቅሮን ፍትውን በዓል ቤተይ ጆኦሜትራ ተወልደ ዘርእሰናይ ብርሃነ (ተወልዲና)፡ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ሆስፒታል ዝተመላለስኩምን ሬሳ ኣብ ምስዳድ ዝተሓባበርኩምና ቤተሰብን ፈተውትን ቤት ጽሕፈት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ካናዳ ከምኡ'ውን ሬሳ ንምቕባልን ኣብ ጸጸራት ዘቐበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣጸደ ገ/ሚካኤል
ደቁን ምሉኣት ስድራቤት



ብሞት ክቡራት ወለድና ኣቦና ኣቶ ኣብርሃም ገ/ቃል ደበሳይ፡ ኣደና ወ/ሮ ህድኣት ናትናኤል ገብረሚካኤል፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሞም ኣብ ገዛ ብምምልላስ ዝበጻሕኩምናን ኣብ ግዜ ዕረፍቶም ድማ ክሳብ ደቂ ዳሽም ዘቐበርኩምና ቤተሰብ ኣዕሩኽ ፈተውትን ምእመናን ከምኡ'ውን ካብ ወጻኢ ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ። ብፍላይ ንትካል ሰባር-ጉማ (ኣቶ ሚኪኤል ገብረእግዚኣብሄር)



ኣሕዋት ደቂ ኣቶ ኣብርሃም ገብረቃል



ብሞት ተፈቃርን ክቡርን መም/ብርሃነ ቀለታ ተኪኤ፡ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ቅድምን ድሕርን ሞቱ ኩሉ መዳያዊ ምትሕብባር ዝገበርኩምልናን ክሳብ ዓዲ ጥዑም-ትፋ ዘቐበርኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል።

በዓልቲ ቤቱ ውነሽ ገብረማርያም
ምስ ደቁን የሕዋቱን



ብሞት ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ኣልዓዛር ተስፋይ ዓንዴት፡ (ቴሌኮሙኒኬሽን ነበር) ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ገዛ ላምዛ ድባርዋ ብምኻድ ዘቐበርኩምና፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ኩሉኹም ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣምለሰት በኹራይ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣደና ወ/ሮ ምሕረት ምኮነን ገብረሂወት፡ በዓልቲ ቤቶም ንነፍስሄር ኣቶ ተስፋይ ንጉስ እሴት ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ዓድና ገዛ ላምዛ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ንዘቐበርኩምናን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

ምሉኣት ስድራቤት



ብሞት ክቡር በዓል ቤተይ ስዉእ ዳኒኤል መንግስትኣብ ኣርኣያ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ኣብ ኣስመራ መቓብር ሓርበኛታት ዘቐበርኩምናን ኣብ ሚላኖ ኣብ ግዜ ሕማሙን ሬሳ ኣብ ምፍናውን ዝተሓባበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስ ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ኣዕሩኽን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ዮዲት ሞጎስ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤታን



ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣደና ወ/ሮ ትርፈ መኮነን፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መካነ መቓብር ሓዝሓዝ ዘቐበርኩምናን ኣብ ገዛና እናተመላለስኩም ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንሕብር።

ስድራቤት ነፍስሄር መ/ም ተካ ገብረስላሴ



ብሃንደበታዊ ዕረፍቲ ዘፍቅራን ዘኽብራን በ/ቤተይ ወ/ሮ ፍረወይኒ ባህልቢ ተስፋ፡ ዝተሰምዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ቅድሚ ዕረፍታ ካብ ጎንና ዘይተፈለኹም ማሕበረ ኮም ጅዳን ከባቢኡን፡ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጅዳን፡ ምስ ዓረፈት'ውን ሬሳ ኣብ ምልኣኽን ኣሰኒኹምና ዝመጻእኩምን ከምኡ'ውን ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብራ ናብ ደቂ ሸሓይ ሎጎ ዓንሰባ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ጸሎት ፍትሓት ዝተሳተፍኩምን ካብ ወጻእን ውሽጢ ሃገርን ብኢ-መይልን ፋክስን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ገዛና ብምምልላስ ተኻፈልቲ ሓዘንና ዝኾንኩምን ኩሉኹም ፈተውትን ቤተሰብን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል።

በ/ቤታ፡ ኣቶ ጸጋይ ኣይሙት (ወዲ ባሻይ)
ወለዳ፡ ኣቶ ባህልቢ ተስፋን ወ/ሮ ንግስቲ ወልደኪዳንን
ምስ ምሉኣት ስድራቤትን



ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅራ ኣደናን ሓፍትናን ወ/ሮ ጤናየ ኣብርሃ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ንቶም ኣብ ሕክምና እናተመላለስኩም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቀብራ ዘቐበርኩምና ካብ ወጻኢ ሃገር ይኹን ውሽጢ ዓዲ እናደወልኩም ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራቤት

# ኣብዝግ ትን

ዓንዶም ጸጋይ

## ሰለስተ ልቢ ዘውንኑ እንስሳታት

ኣብ ፕላኔት ምድሪ ካብ ዝነብሩ ህይወታውያን ሰለስተ ልቢ ዘውንኑ እንስሳታት ኣብ ማያዊ ኣካል ዝነብር በዓል ሸሞንተ መሓውር፣ " ኦክቶፐስ" ፣ ብ "ሓሰኻ ምድሪ" ዝፍለጥ ደቂቕ ምስ ሓሰኻታት ዝምደብ እንስሳንየም። ኣብ ማያዊ ኣካል ዝርከብን ልዑል ናይ ምስትውዓል ብቕዓትን ዘለዎ ኦክቶፐስ ሰለስተ ልቢ ዘውንንን ኮይኑ፣ እተን ክልተ ልቡ ንመስርሕ ምትሕልላፍ ደም ካብን ናብን'ቲ ናይ ምስትንፋስ ኣካል ዝኾነ ክንፍታት ንምዝዋር የገልግላ፣ እቲ ሳልሳይ ልቢ ድማ ደም ናብ መላእ ኣካል ንምትሕልላፍን ንምዝውዋርን የገልግል። ኣካል ማያውያን እንስሳታት ዝኾኑ ከም ኣትማን ጠበቕን ዝፍተ እንቋሩዖብን ዋላ'ኳ ሰለስተ ልብታት ዘውንኑ እንተኾኑ ዚዩኣም ኦክቶፐስን ሓሰኻ ምድርን መብዝሕትኡ እዋን ግን ብክልተ ልብታቶም'የም ዝግልገሉ።



## ሳይሞን ኮዌል - እቲ ጸዋግ ዳኛ መዚቃ

መብዝሕትኡ እዋን በቲ ኣብ ውድድራት መዚቃ ብዝህቦም ቀራጽነታዊ ዳኝነት ኣጸቢቁ ይፍለ። ማስራሒ መደብ ኤክስ ፋክተር፣ ዳኛ መዚቃን ክኢላ መዚቃን ኣዳላዊ መዚቃዊ ስርሓት ዝኾነ ሳይሞን ኮዌል። ካብ ጅወሻውያን ወለዲ ኣብ ላምበዝ እንግሊዝ ዝተወልደ ሳይሞን ወላዲኡ፣ ኣብ ሓደ ናይ መዚቃ ኢንዱስትሪ ወከል ብምዃን ዝዖጹ ክሽውን ከሎ ኣደኡ ድማ ሳዕዒት'ያ ነይራ። ሳይሞን ዋላ'ኳ ኣብ መዚቃ ምስ ዝጦፉ ወለዲ እንተዓበየ ኣቦኡ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ዝኾነ ነገራት ክዙብር የፍቕደሉ ኣይነበረን። ሳይሞን ናይ ካልኣይ ደረጃን ናይ ኮሌጅ ትምህርቱን ድሕሪ ምዝዛሙ ኣብ 17 ዓመቱ ኣብ ንኣሽቱ ናይ መዚቃ ትካላት ከም ተሓጋጋዚ ወኪላት ኮይኑ ክሰርሕ ጀመረ። ጸኒሑ ብኣላይነት ወላዲኡ ኣብ ኤሚኣይ ዝተባህለ ዓቢዩ ናይ መዚቃ ትካል ከም መልእኽተኛ ተቖጺሩ ክሰርሕ ጀሚሩ። ካብዚ ድማ'ዩ መንፍዓትን ደረጃን ሳይሞን ክብርኽ ዝጀመረ። ኣብ ሓጺር እዋን ናይ መዚቃ ኣፍልጦኡ ዘኻዕበተ ሳይሞን፣ ኣብ እንግሊዝ ዝመደበራ ማዕከን ተለቪዥን ኣይቲቪ ዝዳሎ "ፖፕ ኣይዶል" ናይ መዚቃ ውድድር ዳኛ ብምዃን ክሰርሕ ጀሚሩ። ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ ኣብ መላእ ዓለም ልዑል ተቐባልነት ኣብ ዘለዎን ብዙሓት ህቡባት ድምጻውያንን ዘፍረየ "ኣሜሪካን ኣይዶል" ዝተሰምየ መደብ ዳኛ ክኸውን ክኢሉ።

መብዝሕትኡ እዋን ብዝህቦም ሓሳባትን ርእይቶታትን ዝለለ ሳይሞን፣ ካብ ካልኦት ደያኑ ዝፈልዮ ነገር እንተሎ ብዙሕ ሰሓቒ ወይ ተዋዛዪ ዘይምዃኑ'ዩ። እዚ ግን ብኣንጻሩ ብብዙሓት ዝድነቐሉን ዝምጉሰሉን'ዩ። ኣብ ዓውዲ መዚቃዊ ዳኝነት ብዙሕ ስም ዘትረፈ ሳይሞን ካብ 2010 ጀሚሩ ምስ "ኣሜሪካን ኣይዶል" ዝነበሩ ውዕል ብምቁራጹ፣ ኣብ እንግሊዝ ዝመደበሩ ዓለምለኻዊ ልዑል ተፈላጥነትን ኣድናቖትን ዘለዎ "ምርኢት ኤክስ ፋክትር" ብምምስራት ናይ ዳኝነት ሞያኡ ብልዑል ደረጃ ኣብ ምቕጻል ይርከብ።

እስከ ፍለጡኒ

እስከ ፍለጡኒ

- ምሸት ከይተጸዋዕኩ እመጽእ፣ ቀትሪ ድማ ከይተሰረቕኩ እጠፍእ፣ ኣነ መን'የ ?

- ከዋኽብቲ (መልሲ)

## ችርስ (ብርጭቆ ብምጉጫው ዝትግበር ልምዲ)

ኣብ ዝተፈላለዩ በዓላት፣ ኣጋጣሚታትን ፍሉያት ናይ መዘናግዒ መደባትን ሰባት ኑሓድሕዶም ብርጭቆኦም ብምጉጫው "ችርስ" ክብሃሉ ወትሩ ንሰምዖን ንዕዘቦን ልሙድ ተርእዮ'ዩ። እዚ ልምዲ'ዚ ኣብ ቀዳሞት ኤውሮጳውያን ዝዘውተር ዝነበረ ኮይኑ፣ ኣብቲ ግዜ ዝነበሩ ኤውሮጳውያን ኣብ ሰይጣንን ጋኔናዊ መንፈስ ልዑል ፍርሒ ንዘበርም ፍርሒ ንምፍዋስ ዝጥቀሙሉ ኣገባብ'ዩ ነይሩ። ብኣገላልጻ እቶም ኣህዛብ ሰይጣን ኣብ ኣብያተ ክርስትያን ናይ ምእታው ዓቕሚ የብሉን ዝብል እምነት ዝነበሮም ኮይኑ፣ ኣብ ቤተክርስትያን ድማ ጽምዲ ጸናጽልን ከበሮን ብዝበዝሒ ዝዘውተር ብምዃኑ፣ ብርጭቆታት ብምጉጫው ዝፍጠር ድምጺ ንሰይጣን የህድሞ'ዩ ክብሉ ይኣምኑ ነይሮም። በዚ ኣገባብ ዝተጀመረ እዚ ልምዲ ሎሚ ኣብ መላእ ዓለም ሓበራዊ መግለጺ ዘተሓሳልፍ ኮይኑ፣ "ንደስታ" ወይ'ውን "ጥዕና" ዝብል መልእኽቲ የመሓላልፍ።



## ዋዛ

ሓንቲ ብዕድመ ዕብይ ዝበለ መምህር ንተማሃሮኣን ብዛዕባ ግዜ (tense) ዝምልከት ትምህርቲ ኣብ ዝምህረሉ ዝነበራ እዋን፣ ንተማሃሮኣን ብኣብነታት እንዳሰነየ ከረድኣ ንምፍታን

መምህር፣ ሎሚ ብዛዕባ ስዋስው ቀንዲ ድማ ብዛዕባ ግዜ (tense) ኢና ክንመሃር፣ ሕሉፍ፣ ህልው፣ መጻኢ ኢልና ድማ ንፈልዮም።
ንኣብነት፣ ኣነ ጽብቕቲ ጓል'የ እንተደኣ ኢለ ኖናይ ግዜ (tense) የመልክት? ክብላ ሕቶ ኣቕረበ፣
ተማሃራይ፣ " እዚ ድኣ ንሕሉፍ (past tense) ተመልክት" ክብል መለሰ።
መምህር "እዋእ እስከ ኣጸቢቕካ ሕሰብ፣ ከመይ ጌሩ ድኣ ሕሉፍ ይኸውን?"
ተማሃራይ "መምህር እዚኣ ድኣ እንታይ ምሕሳብ ኣድልዩዋ፣ ምኽንያቱ ሕጂ ንሸኻን ኣሮገን ኢኸን፣ ስለዚ ዝተዛረብክንኦ ናይ ሕሉፍ ግዜ'ዩ" ክብል መለሰለን።

## ተኒስ ባይታ ኣበይ ተጀሚሩ?



ጸወታ ተኒስ ንመጀመርታ እዋን ኣብ 1873 ኣብ ሓይልታት ዓባይ ብሪጣንያ ኣባል ብዝኾነ ሜጀር ዋልተር ዊንግፊል ከምዝተኣታተወ ይንገር። ሜጀር ዊንግፊል ንጸወታ ተኒስን ኣገባቡን ባዕሉ ከምዝመሃዞ'ኳ ይነገር እንተነበረ ብዙሓት ግን፣ ዊንግፊል ንጸወታ ተኒስ ካብቲ ኣብቲ እዋን ዝዉቱር ዝነበረ ልምዳዊ ጸወታታት ባድሚንተንን ካልእን ብምቕዳሕ ከምዘተኣታተዎ'ዩም ዝምድሩ። እዚ ኮይኑ ግን ሜጀር ዊንግፊልድ ንጸወታ ተኒስ ኣብ ማሕበራዊ ሂወት ሰራዊት ብሪጣንያ ድሕሪ ምትእትታዉ ኣብ ሓጺር እዋን ጸወታ ባይታ ተኒስ ብብዙሓት ሃገራት ኤውሮጳ ተቐባልነት ክረክብ ጀሚሩ። ጸወታ ባይታ ተኒስ ዋላ'ኳ ኣብ ብሪጣንያ ይጀመር እምበር ንዘመናዊ ኣገባብ ጸወታ ተኒስ ከም ዘማዕበለት ትፍክር ኣሜሪካ ንጸወታ'ዚ ዓይነት ስፖርት ኣብ 1874'ያ ብመንገዲ ኣህዛብ በርሙዳ ተላልያቶ።

ጸወታ ተኒስ ከም ኩሉ ዓይነት ስፖርት ናቱ ዝኾነ ኣገባብ ኣጸዋውታን ናይ ጸወታ ናውቲ ኣለዉዎ። ጸወታ ባይታ ተኒስ ኣብ ሜዳ ዝጽወት ዓይነት ስፖርት ከም ምዃኑ መጠን ድማ፣ ኣካላዊ ብቕዓትን ቅልጣፈን ኣዝዩ ኣድላዪ'ዩ። ብተወሳኺ ጸወታ ባይታ ተኒስ ብልሒ ዝሓትትን ከም ዝተፈላለየ ዓይነት ስፖርት ዝጠልቦን ድማ ናቱ ዝኾነ ሜላ ስለ ዘለዎ ጥቡብን ቴክኒክን ይሓትት እዩ። ጸወታ ባይታ ተኒስ ሓደ ካብቶም ብዓዜ ዘይጽወቱ ኣብ ሜዳ ዝዘውተሩ ዓይነታት ስፖርት'ዩ።

## ጥቕስታት ለውጢ

- ሰባት ግዜ ንነገራት ከም ዝቕይር ገይሮም ይዛረቡ፣ ነገራት ግን ብዓዜ ዘይተኣ ባዕልኻ ኢኻ ክትቕይሮም ዘሎካ።

ኣንዲ ዋርሆል

- ሓይሊ ዘይተኣ ድሌት'ዩ ዝልወጥ።

ጀምስ ጎርደን

- እናዓብና ክንከይድ ከሎና ንልወጥ ዘይተኣና ንነብስና ኢና ዝያዳ ክንፈልጣ እንጅምር።

ልይን ሃል

- ኣተሓሳስባኻ እንተቐየርካዮ፣ ንዓለም'ውን ክትልውጥ ትኽእል ኢኻ።

ኖርማን ቪንሰንት

- ነገራት ኣይቅየሩን'ዮም፣ ብመሰረቱ ንሕና ኢና እንቕየር።

ሄንሪ ደቪድ

- ህይወት ከም ኣተሓሳስባኻ'ያ።

ማርከስ ኣንቶኒውስ

- ንሓዋሩ ክትነብር ኢልካ ኣይትፈትን፣ ምኽንያቱ ኣይክትዕወትን ኢኻ።

በርናንድ ሾው



# ደሃይ ደቀንስትዮ

ነጃት ኢደም

# ሕርቃን መናብርትና'ዩ



ሓንቲ ኣደ ኣብ ክሽነ ኮይና ምሳሕ እናኣዳለወት እንከላ እቲ ንእሽቶ ወዳ በሊሕ ነገር ሒዙ ኣብ ፍሪጅ ክሕንጽጽ ረኣየቶ። እታ ኣደ ሕርቃና ክትቆጻጸር ስለዘይከኣለት ከይተረደኣ ኣብቲ ጣውላ ዝነበረ ማንካ ኣልዒላ ሰንደወትሉ። እታ ሃንደበት ዝተወርወረት ማንካ ድማ ኣብ ገጹ ዓሊባሳ ዓይኑ ብምፍሳስ ሓደጋ ኣውረደትሉ። እታ ኣደ ወዳ ሓንቲ ዓይኑ ዓዊሩ ምስ ረኣየት ኣመና ተበሳጨወት'ሞ ነታ ናብዚ ኩሉ ዘብጽሓታ ፍሪጅ ብሕርቃን ክትንውንዋ ጀመረት። ብሰንኪ'ቲ ብሕርቃን ተደፋፊኣ ኣብ ልዕሊ ወዳ ዘውረደቶ ጉድኣት ብምሕራቓ ድማ፡ ህይወታ ብጓሂ ኢዳ ኣጥፊኣቶ።

ሓቂ'ዩ ብምሕራቕና ዝሓተና ሰብ የለን። ብሕርቃን ተደፋፊእና ኣብ ልዕሊ ሰባት ንእኣወርዶም ጉድኣት ግና ተሓተቲ ኢና። ኩሉ ሰብ ክሓርቕ ይኽእል'ዩ። ልዕሊ ዓቐን ክኸይድን ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኣብ ዝኾነሉን ግና፡ ከለልዮን ክንከላኸሎ'ን'ዩ ዝግባእ።

ኢሉና ሞሰር ዝተባህለት ሓኪም ደቀንስትዮ፡ ንሕርቃንኪ እንቆጻጸረሉ ሓደ መንገዲ፡ ንጉዳእ ርእስና ብዝበኡ ምፍላጥ'ዩ ክትብል'ያ እተዘኻኽር። ሞሰር ሕርቃንና ምግላጽ ንጥዕና ኣጉዳሲ ምዃኑ'ያ እትኣምን። ከምዚ ንምግባር ድማ መጀመርያ ብዛዕባ ካብዚ ሕርቃን እንርሕቀሉን እንቆጻጸረሉን ዕላማ ክንሓስብ ጸቡቕ'ዩ። ነቶም ዘሕርቑዋ ባህርያት ዘንጸባርቑ ሰባት፡ ተግባራቶም ከቋርጹዎ ዲና ከሎ ተሓሰበዎምን ከለጠንቀቕምን እንደሊ ዘለና ወይስ ነዞም ሰባት ኢና ካብ ህይወትና ክርሕቕም ንደሊ፡ ኣጸቢቕና ንሕሰብ።

ብምቕጻል ኣብ ሓይሊ ዘሎ ፍልልያት ኣብ ግምት ነእቱ። ኣብ ቅድሚ ኣሰራሒናን (ሓለፍትናን) ከምኡ'ውን መሳርሕትናን መሓዙትናን፡ ሕርቃንና እንገልጸሉ መንገድታት ይፈላለ እዩ። ኣብ ኣቀራርባና ከምኡ'ውን ምስ መን ንዛረብ ምህላውናን ኣብ ግምት ከእቱ ይግባኣና።

ንጹር ምብህሃል ከዘውትር'ውን ክንጽዕር ይግባእ። "ምንታት ቃላት ድሌትና ክንረኽብ ክሕግዘና ይኽእል'ዩ።" እያ ትብል ሞሰር። ኣክንደኡ ግና ሓሳባትና ከንጉልሕ ብምፍታን ኣቲ ኩነታት ከህድእ ጥራይ ንቃለስ፡ ቅድሚ ኣቲ ዘሕረቐና ሰብ ተዛሪብና ከሰምዖ ምፍታን ድማ፡ ምስ ናይ ቀረባ መሓዙትናን ቀረብትናን ንመያየጥ።

ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝጠቐስናዮ፡ ሕርቃን ካብና ዘይርሕቕን መናብርትናን'ኳ እንተኾነ ክንቆጻጸሮን ናብ ረብሓና ከውዕሎን ግን ንኽእል ኢና። ብሰንኪ ዘይምቁጽጻር ሕርቃን ሰባት ብፍላይ ድማ ደቀንስትዮ ናብ ዘይተደልየ ጸገማት ክወድቃ ንዕዘብ ኢና። ኣቕሒሑ ምሰንዳው፡ ናብ ማስተ ሽጋራ ምትያይ… ወዘተ።

ዓቕልን ትዕግስትን እቶም ቀንዲ ጸረ- መርዚ ሕርቃን'ዮም። ብፍላይ ኣብዚ ጎያይን ጸዕቂ ስምዒታዊ ለውጥን ዝረኣየሉ ግዜ፡ ትዕግስቲ ምግባር ከም እወታዊ ባህርይ ዘይክረኣ ይኽእል'ዩ። በንጻሩ እንተተመልከትናዮ ግና ዓቕሊ ዘይምህላውን ትዕግስቲ ዘይምግባርን ናብ ተደጋጋሚ ሕርቃን ክሸመና ይኽእል'ዩ።

ጸገማትን መሰናኽላትን መሰረትን መኻይድትን ህይወት ምዃኖም ምስ ኣንርድኦ ንዘይተጸማምዎትናን ካብ ሓቂ ዝረሓቑ ትጽበታትናን ክገድል ይኽእል'ዩ። ብሓጺሩ ፍጹም ዝበሃል ነገር ስለዘየለ ፍጹምነት ኣይንጽበ። ብሰንኪ ነገራት ፍጹማት ክኾኑ ኣለዎም ዝብል እምነትና ተጓዳእቲ ክንከውን ይኽእል'ዩ።

ንገራት ክንልወጦም ካብ ዘይከኣልና ክንቅበሎም ጥራይ'ዩ ዘለና። እንተዘይኮነ ግና ናብ ተስፋ ምቝራጽ፡ ዘይሕጉስን ኣሉታዊ ኩነታት ኣእምሮን ጥራይ'ዩ ዝመርሓና። ኣብ መጠረሽታ ድማ ነቲ ኩነታት የብእሶ።

ርግኣት ወይ ህድኣት ማለት ንመሰረታዊ ማዕርነት ኩሉ ዓይነት ስምዒታት ምግንዛብ ወይ ምርዳእ ማለት'ዩ። ካልኦት'ውን ልክዕ ከማና ሓጎስ ይደልዩ እየም። ከምቲ ንሕና፡ ካልኦት'ውን ጌጋ ይፍጽሙ እየም። ልክዕ ከምቲ ንሓርቕ፡ ትጭነቕን ንደንቕን ፍቕርን ንጸልእን ተመሳሳሊ ስምዒታት ኣለዎም። ስለዚ "ካልኦት ሰባት ተሓጒሶም ደዮም ዘለዉ ወይስ ከማይ ይጭነቑ?" ኢልና ምሕሳብ ከድልየና እዩ።

ብዙሓት ተመራመርቲ ንሕርቃን ምቁጽጻር ብዙሕ ረብሓ ከምዘለዎ'ዮም ዝሕብሩ። ገለ ካብቶም ረብሓታት ምስ እንዝዕብ ድማ፦

- ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝተኻየዱ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ሕርቃን ናብ ድኻም ልቢ ከምዝቃልዕ'ዩ። ስለዚ ሕርቃንና ክንቆጻጸር ምስ እንኽእል ካብዚ ኪጋጥመና ዝኽእል ሕማም ልቢ ነጻ ንኸውን ማለት'ዩ።

- እቶም ንሕርቃኖም ብምግሳይ ዘውሕጥዎ'ሞ ድሒሮም ዝተፍእዎ ሰባት፡ ናብ ዝገደደ ሕርቃንን ወጥርን ከምዝሸመሙ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት የጠንቅቑ። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ድማ ብብዝሒ ኣብ ደቀንስትዮ'ዩ ዝረአ። ስለዚ ሕርቃንና ኣብ ግዚኡ ተቖጻጺርና ክንኣልዮ ምስ ዘይንኽእል ተዓብዩ ካልእ ሕርቃን ክወልድ ተኽእሎ ኣሎ ማለት'ዩ።

ምስ ኩነታት ክንሓርቕ ንኽእል ኢና። ግን ምሕር ዝሓለፈ ሕርቃን'ውን ኣሎ። ስለዚ መዓስ ኢና ሕርቃንና ንምቁጽጻር ሓገዝ ከምዘድልየና ንፈልጥ? ንገለ ገለ ካብቶም ምልክታት ምስ እንርኢ፦

- ብሰንኪ ድርኺታዊ ተግባራት ብሕጊ ክንምሕዘዝ ከጸገመና እንከሎ፡
- ብሰንኪ ኣዘራርባና ምስ ሰባት ዘለና ዝምድና ክንቆርጽ ምስ እንጅምር፡
- ብሰንኪ ድኹም ናይ ምብህሃል ክእለትና ካብ ስራሕ ምስ እንሰናበት… ወዘተ።

እምበኣርከስ ኣብ መጠረሽታ ሕርቃንኪ ምግላጽ ንጥዕናኽን ኩነት-ኣእምሮኽን ኣጉዳሲ ምዃኑ ዘከሪ። ብኸመይ ተተግብርዮ ድማ ማእለያ ዘይብሎም ምርጫታትን መንገድታትን ኣለዉኺ። ስለዚ ንሕርቃን ከተወግዲ ኢልኪ ኣይትጸዓሪ። ከንቱ ፈተነ ስለዝኾነ ብኸመይ ትገልጽዮምን ትቆጻጸርዮምን ጥራይ ሕሰቢ።

## መተመይዛ

# "ዘድልየና ማሽናት ባዕላትና ክንምህዞን ክንሰንዖን ኢና"

## ውልዶ መዝሒትን ሰናዒትን ሶልያና

ኣብ ሓንቲ ካብተን ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ ምርኢት ኤግዚብሽን ዘኣንግዳ ዝነበራ ኣዳራሻት ኤክስፖ፡ ኣዳራሽ ቁጽሪ ሰለስተ ምስ ኣተኹ፡ እተን ብውሕሉል ኣእዳወን ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ ስራሓተን ኣዋዲደን ንተዓዘብቲ ዘኣንግዳ ደቀንስትዮ ይጸንሓኻ'ሞ፡ ብስራሓተን ጥራይ ዘይኮነስ ብብዝሐን'ውን ዓይንኻ መሊኡልካ ትዓግበን ትሕጎሰን። ወላ'ኳ ደቀንስትዮ ብተፈጥሮአን ናይ ምምሃዝን ጥበብን ክእለተን ልዑል እንተኾነ፡ ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ስራሓተን ንደገ ብዙሕ ከይወጽኣ ስለዝጸንሐ፡ እቲ ግዜ ምእንኻሉ ትሕብር።

እዚ ኣዳራሽ ነጢርካ ንውሽጢ ምስ እትኣቱ'ውን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምርኢታት ስራሓተን'ዩ ዝጸንሓካ። ከምኡ እናበልካ ካብ ሓደ ምርኢት ናብቲ ሓደ እናተናጠርካ ትኸይድ'ሞ፡ እቲ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ዝተዋደደ ምርኢት ይቕበለካ። ኣብዚ ምርኢት'ዚ'ውን መብዝሕቶም ቁልዑ ምዃኖም ምስቲ ዘቕረብዎ ስራሓት ኣመና ተመሲጥካ ትደንቖን ትዓግበን'ኳ እንተኾንካ፡ ዘይከም'ቶ ኣቐዲሞም ክትዕዘቦም ዝጸናሕካ፡ መብዝሕቶም (ኣረ ዳርጋ ኩሎም) ደቂተባዕትዮ ጥራይ ብምዃኖም ግን ሰኽፍክፍ ይብለካ። እዚ መድረኽ'ዚ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ዝምልከት ዳዩ ኢልካ ሕቶ ከተልዕል ድማ ይቕስቦካ። ኣብ ሃለፍታ ስክፍታ ጥሒልካ እናሓሰብካ እንከለኻ ግን ኣብ መጠረሽታ ናይቲ ጣውላ ሓንቲ ጓለንስተይቲ ትጸንሓካ'ሞ ጓለንስተይቲ እኣህት ትብል።

ደቀንስትዮ'ውን ኣብ ዓውዲ ምህዞን ሰንዓን ሰናፋት ከምዘይኮና ድማ ምስክር ኰይኑካ ትሕበኖ።

እዛ ኣብ ሞንጎ ብዙሓት ደቂተባዕትዮ እትጸንሓካ እኽኖ ውልዶ መዝሒትን ሰናዒትን ጓል 12 ዓመት ኳይና ሶልያና ዘካርያስ ትብሃል። ንሳ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ብደሆ ተማሃሪት 8ይ ክፍሊ'ያ። ኣብዚ ፌስቲቫል፡ ባዕላ ዝሰርሓተን ጡሓፂት መገቢ እንስሳን ቀላዊት ዓተርን ፍርያት ሒዛ'ያ ቀሪባ። ብዘይካ እዚኤን'ውን ኣብቲ ምርኢት ዘቕረበቶ ከም ቀራጺት ሓጺን ዝኣመሰሉ ብዙሓት ሰንዓታት ከም ዝሰረሐት'ያ ትሕብር።

ሶልያና ካብቶም ኣርባዕተ ኣሕዋታ ብዘይዳ ኣብዚ ናይ ምህዞን ሰንዓን ዝምባለ መዓለን ብኸመይን ከምዝሓደራ ክትገልጽ እንከላ፡ ኣቦኣ ወናኒ ትካል ጽርበት ሓጺንን ምስራሕ ማሽናትን ማይ ጭህዖት ብምዃኑ፡ ቀጻሊ ከም እትተሓጋገዞ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንሱ'ውን ኣብ ዝሓለፉ ፌስቲቫላት ዝተፈላለዩ ምህዞታትን ሰንዓታትን ኣቕሪቡ ብምንባሩ፡ ኣብቲ ምርኢት ምስኡ ደው ኢላ ብምንባራ፡ ካብኡ ተበጊሳ ቅንኢ ናይ ወላዲኣ ክትሕዝን ክትወርሶን ከም ዝኸኣለት'ያ ትገልጽ። ኣቦኣ፡ ብዘይካ'ቲ ዘሕደረላ ጽልዋ፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽትብጽሕ ምትብባዕ ከም ዝገበረላ ድማ ትዛረብ።

ንምርኢት ዝቐረቡተን ምህዞታት ኣመልኪታ ክትገልጽ እንከላ ሶልያና፡ ምህዞታታን ሰንዓታትን ንሕብረተሰብ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ንደቀንስትዮ ኣብ ዕለታዊ መነብሮአን ዝሕግዙ ክኾኑ ካብ ዘለዋ ድሌትን ተበግሶን ምዃኑ'ያ ብሓበን ትሕብር። እታ ጡሓኒት መገቢ እንስሳ ኣብ ሕርሻ እንስሳ ሃገርና ዓቢ ኣበርክቶ ንኽህልዋ ካብ ዝብል ሓሳብ ክሸውን እንከሎ፡ እታ መቐለዊት ዓተር ድማ ነቲ ኣደታትና ቅድሚ ሕጂ ዘካይድኦ ዝነበራ መስርሕ ምቕላው ካብ ሃልክን ትካትን ከተድሕነን ኢላ ብምሕሳብ ምዃና'ያ ትገልጽ።

ሶልያና እዚ ስራሕ'ዚ ኣብ ትምህርታ ዘምጽኣላ ጽልዋን መሰናኽላትን እንተሎ ኣብ ዝሓተትኩዋ፡ ኣብ ትምህርታ ወላሓንቲ ምስንኻል ከም ዘየምጽኣላ ድሕሪ ምሕባር፡ ወላ'ኳ ብዙሕ ዘየዕግብ እንተኾነ ደረጃኣ ክሳብ ሕጂ ትሕቲ ዓሰርተ እንተዘይኮይኑ ልዕሊኡ ወጻኢ ከምዘይትፈልጥ ብምጥቃስ ንኹሉ ብመደብ ከምእትሰርሖ'ያ እትሕብር። ንትምህርታ ዚያዳ ግዜ ሂባ ከም እትጽዕርን ንብድሕሪ ሕጂ'ውን ቀዳማይ ዕላማኣ ትምህርቲ ምዃኑን'ያ ኣዕሊላትና።

ኣብዚ ፌስቲቫል ዝቐረብዎ ስራሓት ግብረ-መልሲ ተዓዘብቲ ከመይ ነይሩ? ሶልያና ንዝመጸ ግብረ-መልሲ ኣመልኪታ፡ ኩሎም ተዓዘብቲ "ኣጆኺ በርትዒ" ኢሎም ከምዝተባበዕዋን ከምዘደንቕዋን ድሕሪ ምግላጽ፡ ካብዚ ዘሎ ብተዓጻጸፊ መንገዲ ንኽትሰርሕ ፍናንን ሞራልን ረኺባ ከምዘላ'ያ ትሕብር። ንሳ ኣብ ሞንጎ ደቂተባዕትዮ ሓንቲ ኮይና ትሳተፍ ምህላዋ ዘሐጉሳን ዘሐብናን'ኳ እንተኾነ፡ ካልኦት ደቀንስትዮ ዘይምህላወን ግና ብዙሕ ከም ዘይተሓጎሰትን ከም ዘተሓሳሰበን'ያ ተዕልል። ደቀንስትዮ ልክዕ ከምቲ ካልእ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ኣተኩረን ክሰርሓ ዝኽእላ ብዙሓት ምኽንያት እምነታ ድሕሪ ምግላጽ ድማ፡ ኣብ መጻኢ ሰሲነን ክሳተፋ ትላቦ።

ሶልያና ኣብ መጠረሽታ፡ ብድሕሪ ሕጂ እቲ ብናይ ወጻኢ ሸርፊ ተገዚኡ ዝመጽእ ዝነበረ ማሽናት ደገም ከም ዘይቅጽልን ንምሕባር "ኩሉ'ቲ ዘድልየና ባዕላትና ክንሰርሖ ኢና" ክትብል'ያ፡ ባይታ ክጠጥሓሎም'ምበር ንህዝብናን ሃገርናን ዓቢ ኣበርክቶ ክንህቡ ምዃኖም ብርእሱ ተኣማንነት ትገልጽ።



# Conscious Kids Circle

ዓንኬል ንቑሓት ህጻናት

...Technology.Education.Art.Culture.Humanity.Enlightenment.Renaissance...

## Reflection

Teklehaimanot Yemane

# Fluent, Comprehending Reader

> "THE MOST FLUENT TALKERS OR MOST PLAUSIBLE REASONERS ARE NOT ALWAYS THE JUSTEST THINKERS."
>
> _William Hazlitt (1778 - 1830): British essayist and critic.

*Following the Emerging pre-reader, Novice Reader and Decoding Reader, the next stage in reading development is the fluent, comprehending reader stage, in which children shift from learning to read, to reading to learn. In this stage the reader builds up a substantial background of knowledge of spelling. It is during this time in a reader's development that teachers and parents can be tricked by fluent-sounding reading into thinking that a child understands everything that he or she is reading. As the content of what they are able to read becomes more demanding, good readers will develop knowledge of figurative language and irony which helps them to discover new meanings in the text. This will assist them to understand the meaning of what they are reading beyond what is written on the page.*

*While learning to read, one of the most powerful moments is when fluent comprehending readers learn to enter into the lives of imagined heroes and heroines. Examples of books where these imagined heroes and heroines could be found in include Harry Potter, Lord of the Rings, Huckleberry Finn. The comprehension process grows while reading books like these, where children learn how to connect prior knowledge, predict good or bad consequences, draw inferences from every danger-filled corner, monitor gaps in their understanding, and interpret how each new clue, revelation, or added piece of knowledge changes what they know. In learning these new skills, they learn to unpeel the layers of meaning in a word, a phrase or a thought.*

*There are two ways in which increasing fluency can be supported. They include explicit instruction in comprehension by a child's teacher and the child's own desire to read. Engaging in conversation about what they are reading allows the beginning reader to ask critical questions, facilitating a better understanding of the central meaning.*

*At the end of this stage, before the reader becomes an expert reader, many processes are starting to become automatic. This increasing automaticity frees up cognitive resources so that the reader can reflect on meaning. With the decoding process almost automatic by this point, the brain learns to integrate more metaphorical, inferential, analogical, background and experiential knowledge with every newly won millisecond. This stage in learning to read often will last until early adulthood.*

## Short Story

# The Invisible Bond (part I)

***A tale about an evil king who learned to love everybody.***

*"Once upon a time there lived an evil king. He would often hurt children and grown-ups. He was a vicious and wicked tyrant and he hated everybody! One summer day the king looked outside the window and saw a stranger standing by his castle. There was crowd gathering next to him. The stranger was saying something and people were laughing. The wicked king didn't like laughter or joy. He ordered his guards to catch that person and put him in the dungeon. And it was done.*

*The day ended, and the king went to bed. Lying comfortably in his elegant bed he closed his eyes and tried to sleep. He began to drift off and his dreams started to unveil. All of a sudden he saw the stranger.*

*"What are you doing in my bedroom?" the king screamed furiously, "You're supposed to be in the dungeon!"*

*"No, I'm not", said a stranger with a witty smile, "I'm not just an ordinary person. I am a wizard. And we are going to embark on a journey together."*

*"Guards!" the king shouted in terror, but it was too late. Everything started to twirl in his eyes and the bedroom disappeared.*

*When he opened his eyes, he found himself in a big, beautiful city. There were many people all around, but something was very strange in this picture. He looked closer, and saw that everyone was connected to each other with thin, shiny threads. Also, he saw that the same threads linked people to animals and plants.*

*"What is this?" the king asked in amazement. He could easily walk through the threads without tearing them. They were like rays of light.*

*"This is a connection between all that exists on the planet. All of the people are dependent on each other, and all the plants and animals depend on them. They are all a part of one organism. These threads are the energy of love and kindness that allow everybody to live in happiness and joy. If people were to break these threads of love by using hate, hostility, deceitfulness and greed, then they would bring suffering and sorrow upon themselves. By hurting even one person, they can cause destruction and misfortune to many people. They can destroy animals, plants, and life.*



*"All of this is nonsense!" shouted the evil king, "What kind of planet is this?"*

*"It is your planet", answered wizard. "I just gave you an opportunity to see what really exists. Normally, you cannot see this because it is invisible. You need to understand that by spreading harm, you not only destroy the surrounding world, but eventually you destroy yourself."*

*"Nonsense! That can't be!" the king screamed. Just then, the king, who was in a hurry, brushed up against a pedestrian and accidentally pushed him into the river. The wizard shook his head in disapproval, waved his hand and...*

**[Source: www.kabbalahgroup.info]**

## I am Impressed

### A True Friendship

*When someone is right by you*
*You know they are your friend*
*Like a lioness protecting here cub*
*Just like a strong, never ending club*
*When in desperate need of a giant*
*Smile*
*Friendship may be the best route to*
*goon*
*Like a rider going on a mile.*
*And when someone that you love is*
*gone*
*Like a lovely duckling to his mother*
*You have a buddy's shoulder to cry on*
*And a friend to me is like a brother*
*and sister*
*There are times, like a loving mom*
*As long as you have someone there*
*for you*
*Then you should always be there for*
*them too.*

*_Yohana Solomon (Hanysolo), "In the memo of a friend": December 30, 2013, EIT*

## Kids' Dream

### Fluency

True ease in writing
comes from art, not
chance,
As those move easiest
who have learned to
dance.
That is not enough no
harshness gives offence,
The sound must seem an
echo to the sense.

_Alexander Pope
(1688 - 1744):
English poet.

## Parents & Teachers

"Hi Mr. Tekle, how are you? Please let me share you my suggestion in the Parents and Teachers Corner. My opinion is like this: I have read your scripts for long time; I found them funny and useful to develop reading and speaking ability based on the CKC pages. Because it is good for our kids, generally I want to say, "Please continue your hard work; by this and more I am sure you will score a high range in sharpening the Conscious Mind." And thank you.

_From Mohammed Osman (RESAM), Aqurdat: 20-08-2014

# ስፖርት

ሃብቶም ጼጋይ

## ሳንቸዝ ፋልማይ ሹቶኡ ኣቒጺሩ




ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ውድድር ፕ/ሊግ ራብዓይ ደረጃ ብምሓዝ ኣብ ግጥማት ፕለይ ኦፍ ዝተጸምደት ኣርሰናል ንቱርካዊት ክለብ በሽክታሽ 1-0 ብምርታዕ ናብ ዝቐጽል ናይ ምድብ ጸወታታት ሻምፒዮንስ ሊግ ሓሊፋ። ቅድሚ ሰሙን ኣብ ቱርኪ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ 0-0 ዝተፈላለያ እዘን ክልተ ክለባት ኣብ ስታድየም ኢሚሬትስ - ኣርሰናል ዘየድኣ ጸወታ ከቢድን ህልኽ ዝመልኦን ኣይ ነይሩ። ናይ ቀዳማይ እብረ ግዜ ኣብ ምእካሉ ድማ ኣርሰናል ካብ ሓደሽ ኣጥቃዒአ ኣለክሰስ ሳንቸዝ ኣብ መራሕነት ተቐምጣ ሹቶ ረኺባ። ኣብ ካልኣይ እብረ ተጻወቲ በሽክታሽ ዝሓሸ ጸወታኺ እንተኣንተጸብረቐ፡ ኣብ ልዩት'ታ ንተኸላኻሊያ ደብቺ ብኽልተ ብጫ ካርድ ዝሰኣነትን ንጸወታ ብ10 ተጻወትቲ ዝዛዘመትን ኣርሰናል ሹቶ ከመዝግቡ ኣይክኣሉን። በዚ ከኣ ኣርሰናል ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ ኣርሰን ቨንገር ንተኸታተልቲ 17 ዓመታት ኣብ ግጥማት ሻምፒዮንስ ሊግ ክትሳተፍ በቒዓ። ብ35 ሚልዮን ፓውንድ ዝተገዝአ ቺሊያዊ ሳንቸዝ ፋልማይቲ ሹቶኡ ምምዝጋቡ ተኸቲሉ ድማ ብኣሰልጣኒኡ ኣርሰን ቨንገር ተመጒሱ። ብሰንኪ መቐጸዕቲ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ክኣቱ ዘይክኣለ ኣሰልጣኒ በሽክታሽ - በሊች ጋንትኡ ዝዘንጸብረቐቶ ተወዳዳርነት ብምንኣድ፡ ኣርሰናል ብዘለዋ ብቕዓት ኣብ ዝቕጽሉ ናይ ሻምፒዮንስ ሊግ ግጥማት ክትሸገር ምኻና ሓቢሩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ኣርሰናል ንፈረንሳዊ ኦሊቨ ጅሩ ክሳብ ሓደሽ ዓመት ከምትኸስሮ ኣፍሊጣ። ጅሩ ኣንጻር ኤቨርቶን ኣብ ዝገጠማሉ እዋን ብዝወረዶ መሰበርቲ መጥባሕቲ ብምኽያዱ ኢዩ ንኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክእለ ተገዲዱ። እዚ ድማ ኑታ ብሰእኑት ሃደንቲ ሹቶ ትሽገር ዘላ ኣርሰናል ዓቢ ሻቕሎት ክፈጥር ግድን ኢዩ። ይኹን እምበር እቲ ካብ ትጸቢት ወጻኢ ኣብዚ ናይ ምስግጋር ወቕቲ ብርክት ዝበለ መጠን ገንዘብ ዘፍሰሰ ቨንገር፡ እታ ክለብ መተካእታ ጅሩ ንምምጻእ ኣብ ተርባጽ ከምዘይትኣቱን ምምጻእ ዋልኮት ፍታሕ ክኸውን ከምዝኽእልን ኣረዲኡ።

## "3-5-2 ቅዲ ጸወታ ንማንቸስተር ኣይማእመኣን" ፖል ስኮልስ

ዘይክም ትጽቢት ደገፍቲ ኣጀማመርአ ዘይቀርዓ ዓርሞሽሽ ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ዛጊት ኣብ ትሕቲ ሓደሽ ኣላይኣ ሆላንዳዊ ቫን ሃል ኣብ ወግዓዊ ጸወታ ዓወት ኣየመዝገበትን። ጠንቂ ናይዚ ኮይናም ካብ ዝግለጹ ነጥብታት ከኣ፡ ብሉጻት ተጻወትቲ እታ ጋንታ ዛጊት ናብ ንቡር ብቕዓቶም ዘይምምላሶም፡ መሰበርቲ ናይ ተጻወትቲ ከምኡ ድማ ኣብ መስመር ምክልኻል ዘለዋ ሃንፋትን ዝጥቀሱ ኢዮም። ናይ ቅድም ተጻዋታይ እታ ክለብ እንግሊዛዊ ፖል ስኮልስ ግን እቲ ጠንቂ ኣሰልጣኒ ቫን ሃል ዝኸተሎ ስልቲ ጸወታ ኣብታ ጋንታ ክሰርሕ ብዘይምኽኣሉ ከምዝኾነ ይገልጽ። ኣብ እዋኑ ሓደ ካብ ብሉጻት ኣከፋፈልቲ ዝነበረ እዚ ጉዱም ተጻዋታይ፡ ልዊስ ቫን ሃል ዝኸተሎ ናይ 3-5-2 ስልቲ ጸወታ ኑዩም ኣብታ ክለብ ዝርከቡ ተጻወትቲ ብቕዓቶም ከንጸብርቑ ኣጸጋሚ ኮይኑዎም ምህላዉ ሓቢሩ። ብፍላይ ሰለስተ ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ምግባር፡ ኣብታ ክለብ ዘይተለምደ ብምንባሩ ኣብ ዝተኻየዱ ጸወታታት ዘጋጠሙ ጉድለታት ምስክር ከምዝኾኑ ኣረዲኡ። ብዘይካ'ዚ ድማ ኣብታ ጋንታ ዝርከቡ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ኣድላይነቶም ክረጋገጽ ከምዝይክኣለ ወሲኹ ሓቢሩ።



© C1 Photography

## ሓጺር ዜና

ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዝመጽእ ሰሙን ንእትገብሮ ምሕዝነታዊ ጸወታ ብርክት ዝበሉ ሓደስቲ ተጻወትቲ ከምትመርጽ ተገሊጹ። ንሓያሎ ማዕከናት ዜና እንግሊዝ ምርኩስ ብምግባር ኣብ ዝተዘርገሐ ሓበሬታ፡ ከም ተጻዋታይ ኣርሰናል ካሉም ቻምበርስ፡ ተኸላኻላይ ኤቨርቶን ስቶንስ፡ ተጻዋታይ ቶተንሃም ዳኒ ሮዝን ኣከፋፋሊ ኣስቶን ቪላ ፋብያን ደልፍን ዝኣመሰሉ መንእሰያት ተጻወትቲ ምስታ ብሓደሽ ሓለቓ ጋንታ ዋይን ሩኒ ትእለ ሃገራዊት ጋንታ ክጽንበሩ ኢዮም። በዚ ድማ ንቡታ ናይቶም ብተኸታታሊ ካብ ኣህጉራዊ ጸወታ ዝተኣለዩ ነባራት ተጻወትቲ እታ ሃገር ክትክኡን ናይ ጉዳእ ርእሶም ሓደሽ ምዕራፍ ክኸፍቱን ተሰፋ እንግሊዛውያን ኢዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ማሕበር ኩዕሶ እንግሊዝ እታ ሃገር ኣብ 2018 ንዝቃየድ ናይ ዋንጫ ሃገራት ኤውሮጳ ውድድር ኩዓሉ ሕቶ ከቕርብ ምኻኑ ተገሊጹ።

- ንኣርጀንቲናዊ ዲ ማሪያ ካብ ማድሪድ ዝወሰደት ማንቸስተር ዩናይትድ፡ በቲ ንዲ ማሪያ ንምግዛእ ዘውጽኣቶ ኣስታት 60 ሚልዮን ፓውንድ ኣብ ታሪኽ ውድድር ፕ/ሊግ እንግሊዝ እታ ዝኸበረ ዋጋ ዘውጽአት ክለብ ከምዝኾነት ይፍለጥ። ኣብዚ ናይ 22 ዓመት ታሪኽ፡ ን13 ግዜያት ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ዘልዓለት ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ኣብ ሸሙተ ተጻወትቲ ዘውጽኣቶ ዋጋ ልዕሊ 400 ሚልዮን ፓውንድ በጺሑ ይርከብ። እዚ ይኹን እምበር ከም ማንቸስተር ሲቲን ቸልሲን ዝኣመሰላ ክለባት ኣብ ሸምንተ ተጻወትቲ ዘፍሰስኦ መጠን ገንዘብ ምስ ማንቸስተር ክነጻጸር እንከሎ ናይ ውሑድ ፍልልይ እኳ እንተሃለዎ፡ ኑቲ መጠን ገንዘብ ክፍሰስ ዝወሰደለን ግዜ ምስቲ ማንቸስተር ዘጥፈኣትሉ እዋን ክዛመድ ከሎ ኣዝዩ ዝተጋነ ፍልልይ ኢዩ ዘለዎ። ክለባት ቸልሲን ማንሲቲን ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ኢየን ንዝበጽሓ ወጻኢታተን ዓሚመን።

- ስጳኛዊ ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ዣቢ ኣሎንሶ ናብ ዓብይ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ ክስጋገር ቀሪቡ። እዚ ምስ ክለባት ሶሴዳድን ሊቨርፑልን ዝተጻወተ ብሉጽ ናይ ማእከል ሜዳ ተጻዋታይ፡ ኣብ ክለብ ሪያል ማድሪድ ወሺ ተራ ዝበሮ ኮይኑ፡ ኣብዚ እዋንዚ ግን ምስ ምምጻእ ቶኒ ክሩስ ኣብታ ጋንታ ብቐዋምነት ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ይርከብ። በዚ ድማ ንቡታ ናይቲ ንኣስታት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕ ዝነገረሉ ወዲ ሃገሩ ማርቲኔዝ ክሽፍን ናብ ዞባ ባቫሪያን - ጀርመን ክግዕዝ ኣብ ድርኩኺት ከምዝርከብ ጋዜጣ ደይሊ መይል ኣብ ናይ ትማሊ ሕታማ ኣስፊራ ኣላ። ብዘይካ'ዚ ባየር ሙኒክ ኑቲ ብክለባት ማንቸስተርን ባርሴሎናን ዝህደን ዝነበረ ሞሮኳዊ ተኸላኻላይ ክለብ ሮማ በናቲያ ብ30 ሚልዮን ዩሮ ኣፈሪማቶ ኣላ።

- ድሕሪ ዲያጎ ኮስታን ዲደየር ድሮግባን ተሰሪዑ ዘሎ ፈርናንዶ ቶረስ ውሑስ ናይ ጸወታ እዋን ንምሕላፍ ናብ ኤሲ ሚላን ክምርሕ ከምዝኽእል ተሓቢሩ። ንጋዜጣ ኮረሮ ደላ ስፖርት ብምጥቃስ መርበብ ሓበሬታ ጎል ኣብ ዘስፈሮ ጽሑፍ፡ ቶረስ ንቡታ ማርዮ ባሎቴሊ ንምሽፋን ብመልክዕ ልቓሕ ክስጋገር ዕድሉ ርሒብ ኢዩ።

- ኣርሰናል ንቡታ ኦሊቨር ጅሩ ንምሽፋን ንዳኒ ወልቤክ ካብ ማንቸስተር ክተግዕዞ መደብ ከምዘለዋ መደበር ተሌቭዥን ስካይ ኒውስ ገሊጹ። ከም መግለጺ እታ ማዕከን ዜና፡ ካብ ማንቹናይትድ ክወጽእ ከምዝኽእል ዝተሃገረ ወልቤክ ተጉዳስነት ናይ ኣርሰናልን ቶተንሃምን'ኳ እንተረኸበ፡ ክለቡ ናብ ቀዳሞት 6 ክለባት ከምዝተሰዶ ከምዘይገበረቶ ይሕበር። ብፍላይ ድማ ምስ ኣርሰናል ኣብ ጉዳይ ሽርማለን ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ ተወሳኺ ምኽንያት ከምዝኸውን ይግመት።

## ውድድር ተኒስ ባይታ "ዩ ኤስ ኦፐን" ይካየድ ኣሎ

ኣብ ዓመታዊ ካላንደር ውድድር ተኒስ ባይታ ዓለም ዝርከበን ሓደ ካብቶም ብ"ግራንድስላም" ዝጽውዑ ኣርባዕተ ዓበይቲ ውድድራትን ዝኾነ "ዩ ኤስ ኦፐን" ኣብ ከተማ ኒው ዮርክ ይካየድ ኣሎ። ኣብዚ ብሰኑይ ዝፈለመ ውድድር ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ብዘይካ ራፋኤል ናዳል ዝተረፉ ብሉጻት ተጻወትቲ ናይ ዓለም ይሳተፉ ኣለዉ። ናይ ዝሓለፈ ዓመት ተዓዋቲ ራፋኤል ናዳል ግን ብዘጋጠሞ ሕማም ኑቲ ውድድር ክዕዘቦ ኢዩ ተገዲዱ። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ግን ዝጥቀስ ብኩራት የለን። ክሳብ ሕጂ ተኻይዶም ኣብ ዘለዉ ጸወታታት ከኣ ዛጊት ኩሎም እቶም ብሉጻት ተጻወትቲ ናብ ሳልሳይ ዙርያ ሓሊፎም ኣለዉ። ሮጀር ፌደረርን ሰርብያዊ ጆኮቪችን ኣብ ውድድራት ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣመሪካዊት ሰሬና ዊሊያምስን ሩስያዊት ማርያ ሻራፖቫን ከኣ ኣብ ውድድራት ደቂ ኣንስትዮ ተዓወትቲ ክኾኑ ካብ ዝግመቱ ተጻወትቲ ኢዮም።

## ኤቶ "ምስ ሞሪኖ ቂምታ የብለይን"

ሳሙኤል ኤቶ ምስ ክለብ ቸልሲ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኣሰልጣኒ ጆሴ ሞሪኖ ንክኑነታት ዕድሚኡ ኣመልኪቱ ብዘዘርቦ ሓበሬታ ተኣሓሒቡ ምንባሩ ዝዘከር ኮይኑ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ግን እቲ ካሜሩናዊ ኣብ ልዕሊ ሞሪኖ ዝኾነ ቂምታ ከምዘይብሉ ገሊጹ። ምስ ቸልሲ ንሓደ ዓመት ድሕሪ ምጽዋቱ ዝተፈላለየ ኤቶ፡ ምስ ኤቨርቶን ንክልተ ዓመት ክጻወት ተሰማሚዑ ኣሎ። ጽባሕ ቀዳም ድማ ፋልማይ ግጥሙ ኣንጻር ቸልሲ ክሰልፍ ትጽቢት ኣሎ። ነዚ ምርኩስ ብምግባር ድማ ማዕከናት ዜና እንግሊዝ እቲ ኣጥቃዓይ ኣብ ልዕሊ ሞሪኖ ሕነ ዝፈድየሉ ኣጋጣሚ ከምዝረኸበ ክገልጻ ቀንየን። ይኹን እምበር እቲ ካብ ኣህጉራዊ ጸወታታት ኑቡሱ ከምዝዋገለለ ዝገለጸ ኮኾብ ተጻዋታይ ኣፍሪቃ ነበር፡ ምስ'ቲ ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒ ብርክት ዝበሉ ጽቡቕ እዋናት ከምዝሕለፈ ብምጥቃሱ ኑቲ ጽባሕ ቀዳም ዝግበር ጸወታ ብሃንቀውታ ከምዝጸበዮ ኣብሪሁ።


© Chelsea TV

# ባይቶ ጸጥታ ንመራሕቲ ዕጡቓት ሊብያ የጠንቅቕ

## ሽቕለት ኣልቦት ፈረንሳ ይውስኽ

ኣብ ፈረንሳ ዝርአ ዘሎ መጠን ሽቕለት ኣልቦት ናብ ዝለዓለ ደረጃኡ ከምዝደየበ ይግለጽ ኣሎ።

ብመሰረት ቢ.ቢ.ሲ. ካብታ ሃገር ንዝተፈነወ ወግዓዊ ጸብጻብ ብምጥቃስ ዘመሓላለፎ ዜና፡ ዝሓለፈ ዓመት መጠን ሽቕለት


GETTY IMAGES

ኣልቦት ፈረንሳ 4.3 ሚእታዊት ዝነበረ ሎሚ ናብ 8 ሚእታዊት ዓሪጉ'ሎ። እዚ ተራእዩ ዘሎ መጠን ሽቕለት ኣልቦት ኣብታ ሃገር ሓድሽ ክብረ-ወሰን ምዃኑ'ዩ እቲ ጸብጻብ ዘመልክት።

ፕረዚደንት ፈረንሳ፡ ፍራንሷ ኦላን ኣቐዲሙ ንዜጋታቱ ኣብ ዘስመያ መደረ ናይ ስራሕ ዕድላት ክኸፍት ቃል ምእታዉ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ እዚ ናይ ሕጂ መጠን ሽቕለት ኣልቦት ቁጠባ'ታ ሃገር መንግስቲ ንምቁጽጻሩ ብዘጸግም ናህሪ የንቈልቊል ምህላዉ ዘመልክት ምዃኑ ተንተንቲ ኣረዲኦም።

ዝበዝሑ ዜጋታት ፈረንሳ፡ ብመንግስቲ'ታ ሃገር ዝካየድ ዘሎ ተደጋጋሚ ባጀት ናይ ምቁራጽ ስጉምቲ ከምዝቃወምዎ'ዩ ዝግለጽ። ሓያሎ ሚኒስተራት'ውን ነቲ ስጉምቲ ከምዝይድግፍዎ ድሕሪ ምግላጾም ብፕረዚደንት ፍራንሷ ኦላን ካብ ስራሕ ከምእተሰጉ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብ ፈረንሳ ዛጊት ልዕሊ 3.4 ሚልዮን ዜጋታት ስራሕ ዘይብሎም ምዃኖም ሓድሽ ዝተዘርገሐ ጸብጻብ ዕዮ ኣነጺሩ። እዚ ኣሃዝ ምስ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ብምንጽጻር ኣብዚ ወርሒዚ ጥራይ ልዕሊ 26 ሽሕ ሰባት ብዘይ ስራሕ ደው ከምዝበሉ ዘኾጽር'ዩ።

ፕረዚደንት ፍራንሷ ኦላን፡ ኣብታ ሃገር ንዝርከቡ ኣውፈርቲ ኣብ ዘስመዮ መደረ፡ መንግስቲ ፈረንሳ ንወፍሪ ዘተባብዕ ምምሕያሻት ከምዝገብር ብምግላጽ፡ ዝሰፍሐ ዕድላት ስራሕ ኣብ ምፍጣር ኣበርክቶ ክገብሩ ተማሕጺኑ።

ኣብ ፈረንሳን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን ተኸሲቱ ዘሎ ልዑል ሽቕለት ኣልቦት፡ ካብ 2008 ጀሚሩ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዝተኸስተ ምኩት ቁጠባ ገና ከምዘይተመሓየሸ ዘኾጽር ከምዝኾነ'የም ክኢላታት ዝሕብሩ።

ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ዕጡቓት ጉጅለታት ሊብያ እገዳ ከምዝእውጅ ኣጠንቂቑ።

እቲ ባይቶ ትማሊ ኣብ ዘሕለፎ ውሳነ፡ ሓድሕዳዊ ውግእ ሊብያ ብህጹጽ ደው ክብል ብምጽዋዕ፡ እዚ ምስዘይከውን ኣብ ልዕሊ ሓያሎ መራሕቲ ዕጡቓት ጉጅለታት እገዳታት ከምዝትግብር'ዩ ዝገልጽ። ኣብ ልዕሊ'ቶም መራሕቲ ዕጡቓት ናይ ምንቅስቓስን ፋይናንሳውን እገዳታት ክትግብር ከምዝኽእል'ዩ እቲ ባይቶ ኣጠንቂቑ ዘሎ።

ዝርዝር ኣስማት ናይቶም ኣብቲ መዝገብ ክኣትዉ ዝኽእሉ መራሕቲ ዕጡቓት ሊብያ ግን ገና ብወግዒ ኣይተሓበረን።

ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ዕጡቓት ጉጅለታት ሊብያ ዝካየድ ዘሎ ኩናት እናሓየለ ኣብ ዝመጸሉ ዘሎ እዋን፡ እታ ሃገር ናይ ምብትታን ሓደጋ የንጸላልዋ ምህላዉ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይገልጽ።

ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ትሪፖሊ ብርቱዕ ኩናት ከምዝተወለዐን ኣማስያኡ እቲ መዓርፎ ነፈርቲ ኣብ ኢድ ሓደ ዕጡቕ ጉጅለ ከምዝኣተወን ምንጭታት ዜና


AFP

ይሕብሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ፕረስ ቲቪ፡ ነቲ ቦታ ተቖጻጺሩ ዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ምስ ኣኽረርቲ ሃይማኖታውያን ጉጅለታት ምትእስሳር ከምዘለዎ'ዩ ዝጥርጠር። ኣብዚ ሰሙን'ዚ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ምስ ምስሪ ብምትሕብባር ኣብ ልዕሊ'ቶም ንመዓርፎ ነፈርቲ ትሪፖሊ ዝተቖጻጸሩ ዕጡቓት ደብዳብ ነፈርቲ ከምዘካየደትን ብሰንኩ ህይወት ዓሰርተታት ሰባት ከምዝጠፍአን ተገሊጹ። እንተኾነ እቲ መዓርፎ ነፈርቲ ዛጊት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር'ቲ ተቓዋሚ ጉጅለ ከምዝርከብ ካብቲ ቦታ ዝተመሓላለፈ ዜና ኣነጺሩ።

ካብ ዝሓለፈ ሓምለ ጀሚሩ ኣብ ሊብያ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ኩናት ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝተቐትሉ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣመልኪቱ።

## ዜና ብሓጺሩ

ኣብ ዩክሬን ዝተታሕዙ ወተሃደራት ሩስያ ብጌጋ ናብታ ሃገር ዝኣተዉ ምዃኖም ወተሃደራውያን ምንጭታት ሩስያ ምግላጾም ቢቢሲ ሓቢሩ። ዩክሬን ኣብ ውሽጢ ዶባታ 10 ወተሃደራት ሩስያ ከምዝማረኸት'ያ ትገልጽ። ምስቶም ምሩኻት ምዃኖም ዝተገልጹ ሩስያውያን ወተሃደራት ዝተኻየደ ቃል መጠይቕ ድማ ብተለቪዥን'ታ ሃገር ከምዝተፈነወ ካብቲ ከባቢ ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ። ይኹን'ምበር ሰብ መዚ ሩስያ እቶም ወተሃደራት ተደናጊሮም ናብ ዩክሬን ዝኣተዉ ምዃኖም ገሊጾም ኣለዉ። ዩክሬን ሰራዊት ሩስያ ኣብ ውሽጢ ዶባታ ብምእታው ንዕጡቓት ተቓወምቲ ምሉእ ሓገዝ ከምዝገብር'ያ ትኸስስ። ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ወጥሪ ኩነታት ተኸሲቱ'ኳ እንተቐጸለ፡ እቲ ኩናት ቅድሚ ሒደት ኣዋርሕ ካብ ዝጀምር ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክሬን ንፈለማ እዋን ቀጥታዊ ርክብ ይካየድ ምህላዉ ይፍለጥ።

***

ናይጀርያ ብሰንኪ ስግኣት ምስፍሕፋሕ ሕማም ኢቦላ ኣብያተ ትምህርቲ ተዓጽየን ክጸንሓ ኣዚዛ። መንግስቲ ናይጀርያ እቲ ኣዋጅ ክሳብ 13 ትቕምቲ ተግባራዊ ኮይኑ ከምዝጸንሕ'ዩ ዘፍልጥ። ብሕማም ኢቦላ ኣብ ናይጀርያ 5 ሰባት ከምዝሞቱ ክረጋገጽ እንከሎ፡ እቲ ቫይረስ ናብ ዝሰፍሐ ከባቢታት ከይሰጋገር ብምስጋእ ሓያሎ ናይ ምግታእ ስጉምታት ትወስድ ምህላዋ ይፍለጥ። በቲ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዘስፋሕፍሕ ዘሎ ቀታሊ ሕማም ብጠቕላል ልዕሊ 1400 ሰባት ህይወቶም ስኢኖም ኣለዉ። ካብ ኢቦላ ብምስጋእ ሓያሎ ሃገራት ምስ ላይበርያ፡ ጊኒን ሰራልዮንን ርክቦት ቁሪጸን ምህላወን ጸብጻባት የመልክቱ።

ኢቦላ ብቫይረስ ዝመሓላለፍ ሕማም ኮይኑ፡ ዛጊት ብቑዕ መድሃኒት ከምዘይብሉን 90 ሚእታዊት ናይ ግዳያቱ ዕጫ ሞት ከምዝጸበዮምን ሓካይም ይገልጹ።

***

ኣብ ዒራቕን ሶርያን ዝዋጋእ ዘሎ ኣኽራሪ ጉጅለ እስላማዊት ሃገራት፡ ጃምላዊ ቅትለት ከምዝፈጸመ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከሲሱ።

ኣባላት ናይቲ ጉጅለ ንሓያሎ ዜጋታት ሶርያ ብምእካብ ኣብ ልዕሊኦም መጥቃዕቲ ከምዝኸፈቱ እቲ ውድብ ኣረዲኡ። ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ በቲ መጥቃዕቲ ክሳብ 70 ዝኾኑ ሰባት ግዳይ ሞትን መቑሰልትን ኮይኖም። እቲ ኣኽራሪ ጉጅለ ኣብ ዒራቕን ሶርያን እስላማዊት ሃገር ንምምስራት ይዋጋእ ከምዘሎ'ዩ ዝገልጽ። ኣብቲ ሳልሳይ ዓመቱ ዘቑጸረ ውግእ ሶርያ ሀወት ልዕሊ 200 ሽሕ ሰባት ምጥፍኡ ምንጭታት ዜና ይሕብሩ።

## "ኣብ ውግእ ቓዛ ተዓዊትና ኢና" በንያሚን ናታንያሁ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ፡ ሃገሩ ኣብቲ ንኣስታት ወርሒን ክልተ ቕነን ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ዘካየደቶ ውግእ ከምዝተዓወተት ገሊጹ።

ናታንያሁ፡ "እቲ ውግእ ብዓወትና'ዩ ተዛዚሙ" ብምባል ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ምንቅስቓስ ሓማስ ከቢድ ጉድኣት ከምዘውረደት ሓቢሩ። "ሓማስ ካብ ጠለባቱ ሓንቲ'ኳ ክረኽብ ኣይከኣለን" ብምባል ድማ እስራኤል ካብቲ ውግእ ከሲባ ከምዘይወጸት ኣረዲኡ።

እስራኤል ብነፈርቲ ኩናትን ከበድ ብረትን ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ን50 መዓልታት ብዘካየደቶ ጸዕቂ ደብዳብ ህይወት ልዕሊ 2200 ፍልስጤማውያን ምጥፍኡ ጸብጻባት ኣመልኪቶም። ዝበዝሑ ግዳያት ድማ ቆልዑን ኣንስትን ምዃኖም'ዩ እቲ ጸብጻብ ዘኾጽር። ብወገን እስራኤል ብዘይካ ሸውዓተ ሰባት ኩሎም ወተሃደራት ምዃኖም ዝነገረሎም ኣስታት 64 ሰባት'የም ተቐቲሎም።

ዝሓለፈ ሰሉስ ልኡኻት መንግስቲ እስራኤልን ሓማስን ኣብ ምስሪ ኣብ ዘካየድዎ ዘተ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ምቁራጽ ተኹሲ ክግበርን ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ጸኒዑ ዝጸንሐ እገዳ ክፈኩስን ከምዝተሰማምዑ ተፈሊጡ'ሎ።

ድሕሪ'ቲ ስምምዕ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ፍልስጤማውያን ኣብ ጎደናታት ብምውጻእ ሓጎሶም ክገልጹ ከምዝተራእዩ ካብቲ ቦታ ዝተመሓላለፈ ዜና ኣረዲኡ።

ድሕሪ'ቲ ስምምዕ ፕሮግራም መግቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ን150 ሽሕ ፍልስጤማውያን ዝኸውን ህጹጽ ናይ መግቢ ሓገዝ ናብ ወሽመጥ ቓዛ ከምዝለኣኸ ተሓቢሩ። ብዘይካ'ዚ እስራኤል ዘጽንዐቶ እገዳ ከምዝኣሕለሐ ዘኾጽር ኣብ ጐማም ቓዛ ምንቅስቓስ ጀላቡ ከምዝተራእየ ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

ካብ ዝሓለፈ ረቡዕ ጀሚሩ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዝኾነ ድምጺ ተኹሲ ከምዘይተሰምዐ ዝጠቐሰት ወኪል ቢቢሲ፡ ብሰንኪ ደብዳብ ተመዛቢሎም ዝጸንሑ ፍልስጤማውያን ዳግማይ ናብ ንብረት ህይወት ይምለሱ ከምዘለዉ ሓቢራ።

ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝተኸተመ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ብሓጎስ ከምዝተቐበሎ ገሊጹ።

እስራኤል ካብ 8 ሓምለ ጀሚራ ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ልዕሊ 5 ሽሕ ደብዳብ ነፈርቲ ከምዘካየደት ኣህጉራውያን ጸብጻባት የመልክቱ። ብተወሳኺ ካብ ወገን ሓማስ ልዕሊ 4 ሽሕ ሮኬታት ናብ እስራኤል ከምዝተተኮሰ እቲ ጸብጻብ ይሕብር።


EPA